# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.124 | ዓርቢ 23 ጥሪ 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ጂኦፖለቲካ ምሕደራ ዘይርጉእነት




ገጽ 5
ወራርቀይሕ ኮኾብን ታኼላ ቀይሕ መስመርን

ገጽ 8
ወግዒ ታሪኽ

ገጽ 9
ዕላል ምስ ኣቦይ ተኽለ በየነ (ኮፒ) - 'ኣዝማሪና ሓምሳታት'



ገጽ 11
ማድሪድ፡ ንኣሌክሳንደር-ኣርኖልድ ሓዲስ. . .



## ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ኤርትራውያን፡ ኣብ ህልው ኩነታት ዘትዮም





ኣብ ዙሪኽ - ስዊዘርላንድ፡ ጅዳ - ስዑድያን ኣ'ደውሓ - ቐጠርን ዝነብሩ ኤርትራውያን፡ ብ15፡ 16ን 18ን ጥሪ ብበወገኖም ኣብ ዘቃለዕዎ ኣኼባታት፡ ኣብ ህልው ኩነታት ሃገርን ኣገዳስነት ምሕያል ውዳበታቶምን ዘትዮም።

በዚ መሰረት፡ ኣባላት ማሕበረኮም ዙሪኽ "ብንቕሓት ንኹሉ ድልዋት" ብዝብል ቴማ ብ18 ጥሪ ኣብ ዘካየድዎ ገባኤ፡ ውዳበታቶም ብምውርጻጽ ኣበርክቶኦም ኣብ ሃገራዊ መደባት ከምዘሐይሉ ኣረጋጊጾም።

ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ስዊዘርላንድን ቀዋሚ ልኡኽ ኣብ ቤት-ጽሕፈት ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ካልኦት ኣህጉራውያን ትካላትን ኣብ ጀኔቫ ኣቶ ሃብቶም ዘርኣይ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ድልዱልን ንቑሕን ውዳበታት መሰረት ዓወት ከምዝኾነ ብምግላጽ፡ ነበርቲ ዙሪኽ ነዚ ዕላማ'ዚ ንምስማር ዝኻየድዎ ዘለዉ ጻዕሪ ሞጉሱ።

ግዚያዊ ኣቦ-መንበር ማሕበረኮም ኣቶ መርሃዊ ተኽላይ ብወገኑ፡ ንዕበየት ማሕበረኮም ተበግሶ ወሲዶም ንዝጸጥፉ ዘለዉ ወገናት ብምምስጋን፡ ኣብ ንሓደስቲ ወለዶታት ብባህሊ፡ ታሪኽን ክብረታትን ብምትሕስኳስ ሃገራውነት ንምስራጽ ብዘለዓለ ከምዝሰርሑ ገሊጹ።

ብኻልእ ወገን፡ ብ15 ጥሪ ኣብ ጅዳ ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባ፡ ጠቕላሊ ቈንስል ኣቶ ዓብዱራሕማን ዐሰማን፡ ኣብ 2025 ብዘዕባ ዝተዓመ ፖለቲካዊ፡ ትምህርታዊ፡ ውድባውን ዲፕሎማሲያውን መደባትን ውጥን ስራሕ 2026ን ብሰፊሑ ገሊጹ።

ኣሕዳሪት ቤት-ትምህርቲ ኣ'ስሙድ - ወግሬት ንምድጋፍ ዝተጀመረ መደብ ብጽቡቕ ይቕጽል ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ካብ ተሳተፍቲ ንዝቐረበሉ ሕቶታት መልሲ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ኣ'ደውሓ - ቐጠር ዝነብሩ ኣባላት ማሕበረኮም ኤርትራውያን ብ16 ጥሪ ኣብ ኣዳራሽ ባህላዊ ማእከል ኤርትራ ኣብ ዝገበርዎ ኣኼባ፡ ኣምባሳደር ዓሊ ኢብራሂም፡ ኣብ ምድንፋዕ ኣበርክቶ ማሕበረኮም ኣብ ሃገራዊ መደባት ልምዓትን ን2026 ወጺኡ ዘሎ ውጥን ስራሕን መብርሂ ሂቡ።

ተራ ማሕበረኮም ክንዮ ገንዘባውን ንዋታውን ኣበርክቶ ዝኸይድ፣ ሰንሰለት ምውርራስ ሃገራውነትን ሃገራዊ ክብረታትን ከምዝኾነ ዝጠቐሰ ኣምባሳደር ዓሊ፡ ዜጋታት ነዚ ብግቡእ ተገንዚቦም ውዳበታቶም ከሐይሉን ዓቕሚታቶም ናብ ሃገራዊ መደባት ከቕንዑን ኣዘኻኺሩ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ዓቕሞም ዝፍቅዶ ኣበርክቶ ክገብሩ ዘለዎም ድልውነት ብምርግጋጽ፡ ንትግባረ መደባት 2026 ሓጋዚ ሓሳባትን ርእይቶታትን ኣቕሪቦም።

## ካብ ሓልሓለ ናብ እምኒ-ጸሊም ዘእቱ ናይ ሓመድ ጽርግያ ተመረቐ

ኣብ ንኡስ ዞባ ድባርዋ፡ ብፕሮጀክት ዓዲ-ሃሎ ክስራሕ ዝጸንሐ፡ ካብ ሓልሓለ ናብ እምኒ-ጸሊምን ገዳም ኣቡነ ብጹእ-ኣምላኽን ዘእቱ ናይ ምሩጽ ሓመድ ጽርግያ፡ ብ20 ጥሪ ተመረቐ።

ኣብ ፕሮጀክትታት ዓዲ-ሃሎ ሓላፊ ክፍሊ ምህንድስናዊ ስርሓት ኢንጂነር ዳኒኤል ግርማጼን ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ ብልዑል ተሳትፎ ማሽነሪ ተሰሪሑ ንኣገልግሎት በቒዑ ዘሎ ናይ ሓመድ ጽርግያ፡ ኣካል ናይ'ቲ ማሕበራዊ ፍትሒ ንምንጋስ ኣብ ርሑቕ ገጠራት ዝትግበር መደባት ልምዓት ከምዝኾነ ብምግላጽ፡ ነቲ ስራሕ ኣብ ምዕዋት ኣበርክቶ ንዝገበሩ ኣባላት ኮሚቲ ልምዓትን ተቐማጦ እምኒ-ጸሊምን ኣመስጊኑ።

እቲ ተሰሪሑ ዘሎ ጽርግያ፡ 7 ኪሎ-ሜትር ንውሓት፡ 8 ሜትሮ ጎኒ፡ ሓደ ዓቢ ቢንቶን ካናለታትን ዘጠቓለለ ምዃኑ ዝገለጸ፡ ሓላፊ ፕሮጀክት ዓዲ-ሃሎ ቍጽሪ 6 ኣቶ ቴድሮስ ገብረእየሱስ፡ ተጠቀምቲ ብግቡእ ክከናኸንዎ ተላብዩ።

ኣባላት ኮሚቲ ልምዓት እምኒ-ጸሊም - ገዳም ኣቡነ ብጹእ-ኣምላኽን ወከልቲ ዓዲ-ነኳዕን ዓዲ-ሕዝባይን ብበወገኖም፡ ነቲ ስራሕ ብጽፈት ንዘተግበረ ፕሮጀክት ዓዲ-ሃሎ ብምምስጋን፡ ኣብ መጻኢ ዝትግበር ልምዓታዊ መደባት ንምዕዋት ድሉዋት ምህላዎም ኣረጋጊጾም።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ'ቲ ስራሕ ንዝተሳተፉ ኣካላት ናይ ምስጋና ወረቐት ክወሃብ ከሎ፡ ንኣባላት ፕሮጀክት ዓዲ-ሃሎ ቁጽሪ 6 ድማ ናይ ምሳሕ እንግዶት ተገይሩ።

እምኒ-ጸሊም፡ ካብ ድባርዋ ንሸነኽ ደቡባዊ ምዕራብ ኣስታት 8 ኪሎ-ሜትር ርሒቓ እትርከብ ኩይና፡ ልዕሊ 1,800 ተቐማጦ ኣለዉዋ።



ሰለሙን ዘርኣይ ብርሃን

# ትንታነ ዜና

ሚርያም ኣብርሃም

## ንግዳዊ ምትፍናን ሕ/ኤውሮጳን ኣመሪካን ናበይ ከምርሕ ይኽእል?

ኣብዚ እዋን'ዚ፡ መራሕቲ ኣባላት ኤውሮጳዊ ሕብረት ዝኾና ሃገራትን ፕረዚደንት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕን ኣብ ጉዳይ ደሴት ግሪንላንድ ኣብ ወጥሪ እዮም ዘለዉ። ካብዚ ዝተበገሰ እቲ ንዊሕ ዓመታት ዝጸንሐ ንግዳዊ ሽርክነት ኣብ መንጎ ኣመሪካን ቀንዲ መሓዙታ ዝኾና ኣባላት ኤውሮጳዊ ሕብረትን ኣብ ሓደጋ ክወድቕ እዩ ዝረአ ዘሎ። ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ፡ ናብ ቤተ መንግስቲ ኣመሪካ (ዋይት ሃውስ) ዳግማይ ድሕሪ ምምላሱ፡ ደሴት ግሪንላንድ ንጸጥታዊ ድሕነት ኣመሪካ ስትራተጂያዊ ረብሓ ከም ዘለዋ ብምግላጽ፡ ንምውናና ሓያል ጻዕርታት እዩ ክካይድ ተራእዩ። እንተኾነ እቲ ንደሴት ግሪንላንድ ናይ ምውናን ድሌቱ ካብ ብርክት ዝበላ ሃገራት ኤውሮጳዊ ሕብረት ተቓውሞታት ይገጥሞ ኣሎ።

ኣባል ናይቲ ሕብረት ዝኾና ዴንማርክ፡ ኖርወይ፡ ሽወደን፡ ፈረንሳ፡ ጀርመን፡ ብሪጣንያ፡ ኔዘርላንድስን ፊንላንድን ንመርገጺታት ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ ኣብ ጉዳይ ደሴት ግሪንላንድ ብትሪ ድሕሪ ምቅዋመን፡ ከም መቕጻዕቲ ካብ ኣመሪካ ተወሳኺ ንግዳዊ ቀረጽ ክኽፍላ እየን ዝረኣያ ዘለዋ። ዝሓለፈ ሰሙን፡ ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ኣብ ልዕሊ'ተን ግሪንላንድ ንምቁጽጻር ዝቐረቦ እማመ ዝተቓወማ ሃገራት ኤውሮጳ፡ ናይ 10 ሚእታዊት ወሰኽ ቀረጽ ክወሰን ምዃኑ እዩ ኣጠንቂቑ። ብመሰረት እቲ ፕረዚደንት ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታቱ ዘስፈሮ ሓበሬታ፡ ካብ ዝመጽእ 1 ለካቲት ጀሚሩ፡ እቲ ኣብ ልዕሊ'ዘን ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሳ ሃገራት ዝተበየነ ወሰኽ ቀረጽ ግብራዊ ክኸውን እዩ። ቀጺሉ'ውን ኣብ ዝቕጽል ወርሒ ሰነ ናይዛ ሒዝናያ ዘለና ዓመት፡ እቲ ወሰኽ ቀረጽ ናብ 25 ሚእታዊት ክብ ክብል እዩ - ብመሰረት እቲ ሓበሬታ። ብተወሳኺ፡ እተን ኤውሮጳውያን ሃገራት፡ ኣመሪካ ንደሴት ግሪንላንድ ክትውንን ክሳብ ዘፍቅዳ እቲ ተወሲኑ ዘሎ ቀረጽ ግብራዊ ኮይኑ ክቕጽል ምዃኑ እዩ ፕረዚደንት ትራምፕ ዘጠንቀቐ ዘሎ። ንሱ ወሲኹ፡ እቲ ዘቕረቦ እማመ ወሰኽ ቀረጽ 100 ሚእታዊት ግብራዊ ከም ዝገብሮ'ውን ኣፍሊጡ ኣሎ። “ኣመሪካ፡ ካብ ጸቡቕ ድሌት ተበጊሳ ካብ ቅድሚ 150 ዓመታት ኣትሒዛ ንደሴት ግሪንላንድ ንምውናን ጻዕርታት ኣካይዳ እያ፡” ዝበለ እቲ ፕረዚደንት፡ ዴንማርክ ግን ኮቲ ጠለብት ክትሃጽን ምጽናሓ ጠቒሱ። ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ዝሓለፈ ሰሉስ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ኣብ ዘዘርግሖ ሓበሬታ ድማ፡ “ኣብ ጉዳይ ደሴት ግሪንላንድ ንድሕሪት ምባል የለን። ግሪንላድ ግድን'ያ ዋንነት ኣመሪካ ክትከውን” ክብል ገሊጹ።



ፕረዚደንት ትራምፕ ድሕሪ ዝወሰኖ ናይ 10 ሚእታዊት ወሰኽ ቀረጽ፡ ኤውሮጳዊ ሕብረት፡ ኑቲ ኣብ ዝሓለፈ ሓምለ ምስ ኣመሪካ ዝኸተሞ ንግዳዊ ስምምዕ ኣወንዚፍዎ ይርከብ። ብመሰረት እቲ ቅድሚ ሽውዓተ ኣዋርሕ ኣብ ስኮትላንድ ዝተኸተመ ንግዳዊ ስምምዕ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ እታው ንግዳዊ ፍርያት ኤውሮጳ ናይ 15 ሚእታዊት ቀረጽ እያ ወሲና ነይራ። ሕብረት ኤውሮጳን ኣመሪካን ኣብ 2024 ናይ ኣስታት 1.9 ትሪልዮን ዶላር ዝግመት ንግዳዊ ምልውዋጥ ከም ዘካየዳ ጸብጻብት የመልክቱ። በዚ ከኣ፡ መጠን ክልተኣዊ ንግዳዊ ልውውጥ 27 ኣባላት ኤውሮጳዊ ሕብረትን ኣመሪካን ኣብ ዓለም ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ክስራዕ ክኢሉ እዩ። እንተኾነ እዚ ንሓደ ሰፖ ካብ ጠቕላላ ንግዳዊ ልውውጥ ናይ ዓለምና ዝሸፍን ንግዳዊ ስምምዕ ነዊሕ ከይቀጸለ ብሰንኪ ውሳኔታት ፕረዚደንት ትራምፕ ክቘጸ እዩ ዝረአ ዘሎ። በዚ ከኣ ዓለም-ለኻዊ ዕዳጋታት ኣብ ሓደጋ ክወድቕ ከም ዝኽእል ብዙሓት ክኢላታት ናይቲ ዓውዲ የጠንቅቑ ኣለዉ።

እዝን ካብ ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ ተወሳኺ ቀረጽ ተወሲኑለን ዘለዋ ሃገራት ኤውሮጳዊ ሕብረት፡ ኑቲ ኣብ መንጎአንን ምምሕዳር ዶናልድ ትራምፕን ተፈጢሩ ዘሎ ወጥሪ ተመሳሲሊ መልሰ ግብሪ ከይሃባ እንከለዋ፡ ብዙሕ ክፍታሕ እየን ኣቐዲመን ጸዊዐን ነይረን - ብመሰረት ጸብጻብት። ኣብ ከተማ ዳቮስ - ስዊዘርላንድ ኣብ ዝቃናዕ ዘሎ ዓመታዊ ቍጠባዊ ዋዕላ እውን፡ ብርክት ዝበሉ መራሕቲ ሃገራት ዓለም ንውሳኔታት ፕረዚደንት ትራምፕ ኣብ ጉዳይ ደሴት ግሪንላንድ ክቃወሙ እዮም ተራእዮም። ቻንስለር ጀርመን ፍሪደሪክ መርዝ፡ እቲ ወሰኽ ቀረጽ ንዝኾነ ወገን ከም ዘየርብሕ እዩ ክገልጽ ተሰሚዑ። እቲ ቻንስለር ወሲኹ፡ “እቲ ተኸሲቱ ዘሎ ወጥሪ ኪጋደድ፡ ከምኡ'ውን ምስ ኣመሪካ ኣብ ዝኾነ ንግዳዊ ምስሕሓብ ክንኣቱ ድሌት የብልናን” ኢሉ። ቀዳማይ ሚኒስተር ፊንላንድ ፒተሪ ኦርፖ ብወገኑ፡ ኣረኣእያ ሃገሩ፡ ኣብ መንጎ መሻርኽቲ ዝህሉ ዘይምርድዳእ ብዘተ እምበር ብጸቕጢ ክፍታሕ የብሉን ዝብል ምዃኑ ኣረዲኡ። በዚ ከኣ፡ ውሳነ ትራምፕ ብማዕረ ንኽልተኡ ወገን ዝሃሲ ኣዝዩ ሓደገኛ ምዃኑ ኣጠንቂቑ። ቀዳማይ ሚኒስተር ብሪጣንያ ኪር ስታመር እውን፡ “ኣብ ልዕሊ መሓዙትን ኣባል ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ) ዝኾናን ሃገራት ተወሳኺ ቀረጽ ምውሳን ፍጹም ጌጋ እዩ” ክብል ንትራምፕ ተቓዊምዎ። ቀዳማይ ሚኒስተር ኖርወይ ጆናስ ጋር ስቶር ድማ፡ “ኣብ ልዕሊ መሓዙት ሃገራት ኤውሮጳ ምፍርራሕ ቦታ የብሉን” ኢሉ። ቀዳማይ ሚኒስተር ሽወደን ኡሉፍ ክሪስተርሰን እውን፡ “መራሕቲ ኤውሮጳ ብኸምዚ ዝበለ ዘይሓላፍነታዊ መግለጺ ክንህሰ ኣይከነፍቅድን ኢና፡” ክብል ተዛሪቡ። ትራምፕ ኣብ ልዕሊ ንግዳዊ ፍርያት ሃገራት ኤውሮጳ ወሰኽ ቀረጽ ኣብ ዘኣወጀሉ እዋን፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሆላንድ ዴቪድ ቫን ዊል፡ ሃገሩ ኑቲ ዝቐረበ እማመ ወሰኽ ቀረጽ ግቡእ ምላሽ ንምሃብ ከም እትሓስበሉ ኣፍሊጡ። ፕረዚደንት ፈረንሳ ኤማንዌል ማክሮን ከኣ፡ ፕረዚደንት ትራምፕ ዘሰምዖ ዘሎ ምፍርራህ ፈጺሙ ቅቡል ከም ዘይኮነ ድሕሪ ምጥቃሱ፡ “ዓለም ናብ ሕጊ ኣልቦ ዝኾነ መድረኽ ትዝንብል ኣላ” ክብል ኣጠንቂቑ። እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ፕረዚደንት ማክሮን፡ ዝሓለፈ ሰሉስ ናብቲ ዓለማዊ ግጭታት ብሰላም ንምዕራፍ ዝዓለመ ብኣመሪካ ዝተደገፈ ‘ቦርድ ሰላም’ ክጸንበር ብኣመሪካ ንዝቐረበሉ ዕድመ ድሕሪ ምንጻጉ፡ ፕረዚደንት ትራምፕ ኣብ ልዕሊ ፍርያት መስተ ፈረንሳ ናይ 200 ሚእታዊት ቀረጽ ከንብር ምዃኑ ኣጠንቂቑ።

ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ፡ ደሴት ግሪንላንድ ኣካል ኣመሪካ እንተ ኮይና፡ ካብ ዋሺንግተን ዝሓሸ ኣገልግሎት ክትረክብ ትኽእል'ያ ኢሉ እዩ ዝኣምን። ምክትል ጸሓፊት ፕረስ ቤት ጽሕፈት ዋይት ሃውስ ኣና ኬሊ፡ “ትራምፕ፡ ነቢቲ ግሪንላንድ ኣብ ዞባ ኣርክቲክ ከገጥሞም ካብ ዝኽእል ኩሉ-መዳያዊ ስግኣታት ንምድሓን ብኣመሪካ እንተ ዝሕለዉ እቲ ዝበለጸ ምኾነ ኢሉ እዩ ዝኣምን” ክትብል ትገልጽ። ትራምፕ፡ ፌደረሽን ሩሲያን ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይናን ኣብ ከባቢታት እታ ዕቑር ባህርያዊ ጸጋታት ብብዝሒ ከም ዘለዋ ዝነገረላ ደሴት ግሪንላንድ ይዝንብያ ከም ዘለዋ እዩ ክምጉት ጸኒሑ። “ኣብ ዞባ ኣርክቲክ፡ መራኽብ ኩናት ሩሲያን ቻይናን ኣለዋ። እዚ ድማ ንጸጥታዊ ድሕነት ኣመሪካ ኣብ ሓደጋ ዘውድቕ እዩ” ድማ ይብል።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ግሪንላንድ ካብ ኣመሪካ ዝዝንጸላልዋ ዘሎ ስግኣት ንምብዳህ፡ ዴንማርክ ናብታ ደሴት ተወሰኽቲ ወተሃደራት ልኢኻ ኣላ። ዴንማርክ፡ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ'ታ ደሴት ተካይዶ ወራር፡ ንህላወ ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ) ኣብ ምልክት ሕቶ ዘእቱ ምዃኑ እያ ክተጠንቅቕ ጸኒሓ።

ዝዓበየት ደሴት ናይ ዓለምና ምዃና ዝነገረላ ግሪንላንድ፡ ኣብ ኣርክቲካዊ ውቅያኖስ እያ ትርከብ። እዛ ኣስታት 57 ሽሕ ጥራሕ ነበርቲ ዘለዉዋ ደሴት፡ ናይ ባዕላ መንግስቲ እትውንን ክትከውን እንከላ፡ ናይ ምክልኻልን ናይ ወጻኢ ፖሊሲታታን ግን ኣብ ትሕቲ መንግስቲ ዴንማርክ እዩ። 80 ሚእታዊት ካብ ጠቕላላ ስፍሓት ደሴት ግሪንላንድ ብበረድ ዝተሸፈነ ክኸውን እንከሎ፡ ዝበዝሕ ካብ ህዝባ ድማ ብንጥፈታት ምግፋፍ ዓሳ እዩ መነብሮኡ ዝመርሕ። እቲ ብበረድ ዝተሸፈነ ሰፊሕ ከባቢታት ደሴት ግሪንላንድ፡ ብሰንኪ ዓለማዊ ዋዒ ክመኻኽ ጀሚሩ ብምህላዉ፡ ምዕዳን ዕቑር ማዕድናታ ዝቐለለ ክኸውን ከም ዝኽእል'የም ክኢላታት ዘመልክቱ።



\- - - - - -

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ማህደር |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ |
| 15:30 | ዶክመንት |
| 16:04 | ሞዛይክ 1ይ ክፋል |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፌ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ሞዛይክ 2ይ |
| 19:25 | እትመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ገሉብ ደሓን ቀጥታ |
| 21:00 | ዜናትግርኛ |
| 21:25 | ፊልም ጽር`ታ ምስ ተዋሳእቲ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እንዳ ዝማም |



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ልዕሊ ንቡር ምምጋብ ዘለዎ ጥዕናዊ ሳዕቤን

ኣብ ኣመጋግባና ዘለና ድሌታት ዝተፈላለየ እዩ። ገለ ካባና ፕሮቲን ዘለዎ - ከም ስጋን ጸባን ዝኣመሰሉ- መግብታት ዝያዳ ንሃርፍ። ገሌና ድማ ኣሕምልቲ ምምጋብ ቀዳማይ ምርጫና ንገብሮ። ጥዕና ሃልዩና ኣካላትና ብግቡእ ክሰርሕ፣ ኣመጋግባና ዝተመጣጠነ ክኸውን ይግባእ - ንኹሉ ዓይነት መኣዛዊ መግቢ ዘጠቓልል።

### ንቡር ኣመጋግባ ማለት፤

ናይ ጥሜትን ጽጋብን ስምዒታትካ ብግቡእ ክተቕልበሉ ምኽኣል ሓደ ብቐዳምነት ክሰርዕ ዝግብኦ ኣገባብ ንቡር ኣመጋግባ እዩ። እዚ ማለት ጥሜት ክስመዓካ እንከሎ ክትበልዕ፣ ምስ እትጸግብ ድማ ብኡ ንብኡ ምምጋብ ክተቋርጽ ይግበኣካ። ኣብ ትወስዶ ዓይነት መግቢን ትሕዝቶኡን ምድሃብ፣ ኣካላትካ ኣጥሊልካ ምጽናሕ፣ ስሩዕ ዝኾነ ናይ ኣመጋግባ ሰዓታት ምኽታል ወዘተ እውን ድሕሪኡ ዝመጽኡ ኣገባብ ንቡር ኣመጋግባ እዮም።

ዝኾነ ነገር ካብ ዓቐኑ ምስ ዝሓልፍ ጽቡቕ ኣይኮነን። ልዕሊ ዓቐን መግቢ ምብላዕ ንጉዳእ ርእሱ ሓያሎ ጸገማት ጥዕና እዩ ዘኸትል። ኣመጋግባና ካብ ዓቕሚ ንዛልኮ ዝተሓተ ምስ ዝኸውን’ውን ንባዕሉ ጸገም ጥዕና የስዕብ እዩ። እቲ ጸገም ምናልባት ኣብ ገሌና ኣብ ሓጺር ግዜ፡ ማለት ኣብ ውሽጢ ኣዋርሕ ክኽሰት ይኽእል ይኸውን። ኣብ ገሌና ድማ እቲ ሳዕቤን ድሕሪ ዓመታት ክገሃድ ይኽእል።

ልዕሊ ዓቐን መግቢ ምውሳድ ኩብደት ክንውሰኽ፣ ከምኡ’ውን ብሕማም ሽኮርን ጸገማት ልብን ዝኣመሰሉ ሕዱር ሕማማት ክንጥቃዕ ንዘለና ተኽእሎ የዕቢ።

ሓደ ሰብ ዝለመዶ ብዙሕ ናይ ምምጋብ ልምዲ ኣብ ሓጺር እዋን ከቋርጾ ከቢድ’ኳ እንተኾነ፣ ነቲ ልምዲ ንምእላይ ዝሕግዙ ገለ ቴክኒካት ተዘርዚርም ደርከቡ፦

### ኣቓልቦ ምስሳብ

ኣብ እትምገበሉ እዋን፣ ሓሳብትካ ናብ ስራሕ ወይ ካልእ ከም ዝዘናበል ምግባር፣ ሓደ ካብቲ ልዕሊ ዓቐን ከም እንምገብር ዝገብር ሕማቕ ልምዲ እዩ። እናተመገብ ተለቪዥን ብምዕዛብ ወይ ብኮምፕዩተር ብምስራሕ ኣቓልቦኦም ዝተሰልቡ ሰባት፣ ዝያዳ መግቢ ከም ዝወስዱ መጽናዕትታት የረድኣ።

‘ትራሰት ሶርስ’ ዝተባህለ መጽናዕታዊ ትካል፡ ን24 መጽናዕታዊ ጽሑፋት ገምጊሙ ኣብ ዝረኸቦ ውጽኢት፣ ኣቓልቦኦም ብኻልእ ነገር እናተሳሕቡ ዝምገቡ ሰባት ልዕሊ ዓቐን ከም ዝምገቡ የነጽር። ምስቶም ብግቡእ ኣብ ሰዓቶም ዝምገቡ ሰባት ብምንጽጻር፡ እቶም ኣብ ኣመጋግባኦም ኣድህቦ ዘይገብሩ ሰባት ብተደጋጋሚ መግቢ ክወስዱ ከም ዝረኣዩ እቲ መጽናዕታዊ ውጽኢት ብተወሳኺ የረድእ።

### ብዙሕ ክትበልዕ ዝገብሩ መግብታት ምልላይ

ገለ ዓይነት መግብታት በሊዕካ ዘይትጸግቦም ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። እዞም ዓይነት መግብታት’ዚኦም ብግቡእ ምስ እተሰተብህለሎም፣ ካብ ምምጋቦም ክትቁጠብ ይከኣል እዩ። ካብኦም ምሉእ ብምሉእ ክትሕረም ኣለካ ማለት ግን ኣይኮነን። ብውሑድ ዓቐን ክተዳልዎምን ክትቀርቦምን ትኽእል ኢኻ።

ንኣብነት ‘ኣይስ ክሬም’ ካብ ዘይትጸግቦ ዓይነት መግቢ እንተኾይኑ፣ ኣብ ቀረባኻ ኣብ ዘሎ ፍሪጅ ክትዕቅቦ ኣይግባእን።

### ትሕዝቶ መግቢ ምድሃብ

ትሕዝቶ መግቢ ምድሃብ ብዙሕ መግቢ ከይትወስድ ካብ ዝገብሩ መንገድታት ሓደ እዩ። መግቢ ኣብ ምውሳድ ልምድታትካ፣ ቁጠባ ክትገብር ምስ እትደሊ፣ ትሑት ካሎሪ ከምኡ’ውን ልዑል ጽሕጊ ዘለዎም መግብታት ካብቶም ኣድህቦ ክትገብረሎም ዝግባኣካ እዮም።

ቀድሚ ስሩዕ መግቢ ምውሳድ፣ ትሑት ካሎሪን ልዑል ጽሕጊን ዘለዎም መግብታት ምስ ማይ ሓዊስካ ምስታይ ጽጋብ ከም ዝስመዓካ ስለ ዝገብር፣ ብዙሕ መግቢ ካብ ምውሳድ ክትቁጠብ ትኽእል። እዞም ዓይነት መግብታት’ዚኦም ‘ቮሊመትሪክስ’ (volumetrics) ይብሃሉ። ፍረ-ወይኒ፣ ሰላጣ፣ ካውሎ፣ ጥረታትን ኮሚደረን ከም ኣብነት ክጥቀሱ ይኽእሉ።

### ኣብ መትሓዚኡ እንከሎ ካብ ምምጋብ ምቑጣብ

ጸብሒ ኣብ ድስቱ፣ ዝተቐልወ ድንሽ ኣብ ካርቶኑ፣ ‘ኣይስ ክሬም’ ኣብ መትሓዚኡ እንከሎ ምምጋብ፣ ዓቐን ናይቲ ትወስዶ ዘለኻ መግቢ ከተስተብህለሉ ስለ ዘይትኽእል ልዕሊ ዓቐን ክትበልዕ ትኽእል ኢኻ። ኣብ ክንድኡ፣ እታ ዓቕምኻ ኣብ ብያቲ ጨሊፍካ ምስ እትወስድ፣ ኣብ ሓደ እዋን ናይ እትወስዶ ዘለኻ ዓቐን ካሎሪ ክትግምት ትኽእል።

### ወጥሪ ኣወግድ

ወጥሪ ምህላው ልዕሊ ንቡር ክትበልዕ ይገብር እዩ። ስለዚ ዘለካ ወጥሪ ምቕናስ ኣገዳሲ ምዃኑ ክተስተብህል ይግባእ።

ሕዱር ወጥሪ ዘለዎም ሰባት ‘ኮርቲሶል’ (cortisol) ዝተባህለ ሆርሞን ብዝበዝሐ የመንጭዉ። እዚ ሆርሞን’ዚ ሸውሃት ብምኽፋት ብዝበዝሐ መግቢ ክትወስድ ዝገብር እዩ።

ሕዱር ወጥሪ ዘለዎም ሰባት ብዝበዝሐ መግቢ ስለ ዝወስዱ ሙብዛሕትኦም ልዕሊ ንቡር ኩብደት ሰብኦት እዮም ዘውንኑ።

ሙዚቃ ምስማዕ፣ ኣብ ልሙዕ መሬት ኴንካ ምዝንጋዕ፣ ምውስዋስ ኣካላት ምኪያድ፣ ናይ ኣተነፋፍሳ ቴክኒካት ምዝውታር ወዘተ ገለ ካብቶም መዓልታዊ ዝስመዕና ወጥሪ ንምእላይ ዝሕግዙ ኣገባብ እዮም።

### ኣብ ሰዓቱ ምምጋብ


ገለ ሰባት ዘለዎም ኩብደት ሰብኦት ንምቕናሱ ልሙድ ናይ መግቢ ሰዓታት ክስግርዎ ይረኣዩ እዮም። እዚ ኣገባብ’ዚ ኣብ ገለ ሰባት ውጽኢት ክርከቦ ዝከኣል’ኳ እንተኾነ፣ ጸኒሕካ ብዙሕ መግቢ ክትወስድ ስለ ዝገብር ግና ተመራጺ ኣይኮነን።

መጽናዕትታት ከም ዘመልክትዎ፣ ዝወሰድዎ መግቢ ንምቕናስ ኢሎም ናይ ምሳሕ ሰዓታት ሰጊሮም ድራር ዝምገቡ ሰባት ካብቶም ኣብ ሰዓቱ ምሳሕ ዝወስዱ ሰባት ዝበዝሐ መግቢ ክወስዱ ተራእዮም።

### ፕሮቲን ምምጋብ

ፕሮቲን ምምጋብ ምሉእ መዓልቲ ጽጋብ ስለ ዝስመዓካ ብዝበዝሐ መግቢ ከይትወስድ ይገብር።

ንኣብነት ኣብ ግዜ ቁርሲ ፕሮቲን ዘለዎ መግቢ ምውሳድ ይምከር እዩ። እዚ ቀልጢፉ ጥሜት ስለ ዘይስመዓካ፣ ጸኒሕካ ጠዓሞት ከይትወስድ ይገብር።







ኣብ ግዜ ቁርሲ እንቋቑሖ ምምጋብ ዝበለጸ እዩ። እንቋቑሖ ትሑት ዓቐን ‘ግረሊን’ (ghrelin) ዝተባህለ ሆርሞን ኣለዎ። ‘ግረሊን’ ጥሜት ክስመዓና ዝገብር ሆርሞን እዩ።

መጠን ሽኮር ኣብ ደም ምቁጽጻር

ጻዕዳ ባኒ (ፊኖ)፣ ከም ካራመለን ብሽኮትን ዝኣመሰሉ ሽኮራዊ፣ ኣብ ደምና ዝህሉ መጠን ሽኮር ቀልጢፉ ደይቡ ከም ዝወርድ ዝገብሩ ዓይነት መግብታት እዮም። እዚ ቅልጡፍ ዝኾነ ኩበን ለጠቕን ምባል ዓቐን ሽኮር ኣብ ደም፣ ቀቀልጢፉ ጥሜት ክስመዓና ዝገብር ብምዃኑ፣ ብዝበዝሐ መግቢ ክንወስድ ይገብር።

ስለዚ፣ ጥረታት፣ ኣጃን ካልኦት ጽሕጊ ዘለዎም መግብታትን ዝበለጹ ኣማራጺታት እዮም።

### ሃዲእካ ምምጋብ



ቅልጥፍ-ቅልጢፍ ኢልካ ናይ ምምጋብ ልምዲ ዘለዎም ሰባት፣ ብዝበዝሐ መግቢ ክወስዱ ስለ ዝገብሮም ንልዕሊ ንቡር ኩብደት ዝተቓልዑ እዮም።

### ልዕሊ ንቡር ምምጋብ ዘለዎ ጥዕናዊ ሳዕቤን

- **ቃንዛ ምሕቃቕ መግቢ** (Indigestion)፦ ልዕሊ ዓቐን መግቢ ወሲድካ ከም ዘለኻ ዝሕብረካ ሓደ፣ ጸገም ምሕቃቕ መግቢ ምስ እተርኢ እዩ። እዚ ቃንዛ’ዚ ኣብ መዓንጣ’ውን ይኽሰት እዩ። ሙብዛሕትኦም ልዕሊ ዓቐን ዝበልዑ ሰባት፣ መግቢ ኣብ ኣፎም ብዝዀነ ከሕቅቑ ስለ ዘይረኣዩ ንክሰዐን መዓንጣን ተወሳኺ ስራሕ እዮም ዝፈጥሩሉ።

- **ብዝበዝሐ ምንፋስ** (Excessive Gas)፦ ብተደጋጋሚ ተነፊሰ እንተለኻ ካብ ዓቕምኻ ንላዕሊ መግቢ ወሲድካ ከም ዘለኻ ዘርኢ እዩ። እናሻዕ ሓያሎ መግቢ ናብ ከስዐ ክተስቱ’ኻ ከለኻ፣ ናብ ከስዐ ሓያሎ ንፋስ ክኣቱ ግድን እዩ። እቲ ኣየር ካብቲ ከስዐ ብሓይሊ ክወጽእ ኣብ ዝደልየሉ እዋን ድማ ከነፋስ ንግደድ።

- **ጸገም ምስትንፋስ** (Bad Breath)፦ ልዕሊ ዓቐን መግቢ ምስ እንወስድ መልሓስና ፋሕሻው ሕብሪ ክሕዝ ከም ዝርአ እዮም ሓካይም ዝገልጹ። እዚ ብመንገዲ ሻሕለለ ልዑል ዓቐን መግቢ ብምሕላፉ ዝርአ ምልክት እዩ። እዚ ድማ ንናይ ስርዓት እስትንፋስ ኣካላትና ብኣሉታ ዝጸሉ ክስተት ብምዃኑ፣ ጸገም ናይ እስትንፋስ ክኸርኢ ግድን ይኸውን።

- **ምስልካይ** (Lethargy)፦ ብዙሕ ምስ እንበልዕ ክስልክዩናን ድቃስ ክመጽኣናን ኣስተብሂልና ኣለና ዶ? እዚ ዝበዝሐ ደምና ኣብ ክንዲ ናብ ሓንጎልናን ካልእ ክፋል ኣካላትናን ናብ መስርሕ ምሕቃቕ መግቢ ጥራሕ ስለ ዘድህብ ዝኽሰት ተርእዮ እዩ። በዚ ድማ ክስልክዩናን ድቃስ ክመጽኣናን ንርኢ።

- **ጸገም ቆርበት** (Skin Problem)፦ እቲ መግቢ ትሕዝቶ ዘይብሉ ኮይኑ ብዙሕ ምስ ዝኸውን፣ ኣካላትና ንመርዝም ነገራትን ካልእ ከሚካላትን ኩበከል ይኽእል እዩ። እዚ ድማ ንቆርበት ሰብኦትና ጽቡቕ ኣይኮነን።

- **ሽኮር ኣብ ደም የወስኽ** (Increased Blood Glucose)፦ ልዑል ትሕዝቶ ካርቦሃይድሬድስን ሽኮርን ዘለዎም መግብታት ብዝበዝሐ ምውሳድ፣ ኣብ ደምና ዝህሉ መጠን ሽኮር ከም ዘወስኽ ክኢላታት ይገልጹ። እዚ ድማ ንሕማም ሽኮር ዝተቓላዕና ይገብር።

- **ዕንወት ኣብ ኣካላት** (Organ Damage)፦ ካብቲ ክንበልዖ ዝግበኣና ዝያዳ መግቢ ስለ ዝወሰድና ገለ ካብ ኣካላት ሰብነትና ካብ ዓቕሞም ንላዕሊ ክዓዩ ክግደዱ ግድን እዩ። ንኣብነት - ጸላም ኩበድና ኑቲ ኣብ መግቢ ዘሎ ስብሒ ንምሕቃቕ ተወሳኺ መሕቀቒ ምራቕ ከተንዝዕ ክትግደድ እያ። ላልሽ (pancreas) እውን ንባዕላ ኣብ ደም ዝህሉ መጠን ሽኮር ንምምዕርራይ ብዝበዝሐ ኢንሱሊን ክተፍሪ ክትግደድ እያ። ኣካላትና ልዕሊ ዓቐን ክሰርሑን ክጭነቑን እንከለዉ ድማ ጉድኣት ክወርዶም ግድን እዩ።

- **ምኽሳዕ** (Obesity)፦ ኑቲ ዘህለኽናዮ ካሎሪ ኩተህልኾ ክሳብ ዘይከኣልካ፣ ልዑል መግቢ ናይ ምውሳድ ልምዲ እንተለካ ብምኽሳዕ ክትጥቃዕ ግድን እዩ። ምኽሳዕ ድማ ጠንቂ ዝተፈላለዩ ሕማማት ምዃኑ ዘይምዘንጋዕ።

- **ቅዛ** (Depression)፦ ልዕሊ ንቡር መግቢ ምብላዕ ንጥዕና ኣእምሮና ብኣሉታ እዩ ዝጸልዎ። ክኢላታት ስነ ኣእምሮ፣ ልዕሊ ንቡር ምብላዕ ከም ጠንቂ ቅዛ ገይሮም እዮም ዝገልጽዎ።

**ምንጩ፦** health is wealth

# ማህደር ጀጋኑ

ሽሞንዲ ዑቕባሚካኤል

## ወራር ቀይሕ ኮኾብን ታኼላ ቀይሕ መስመርን

መበል 11 ክፋል

**ሓጺር ጸብጻብ ኮሎኔል ውብሸት ማሞ ብዛዕባ ጠንቂ ስዕረት ሰራዊቱ፤**

ብ6 መጋቢት 1974 ግእዝ (13 መጋቢት 1982 ዓ/ም/ፈ) እዚ ሙብረቕ ተደምሲሱ፥ ዝተረፈ ካብ ከርክቦት ተሳሒቡ ኣብ መዓርፎ ነፈርቲ ከረን ኮፍ በሉ። ኣዛዚ "ሙብረቕ እዝ" ጀነራል ቁምላቸው ደጀኔ ናብ ኣስመራ ተጸዊዑ ናይ ገዛ ማሕዩር ተበየነሉ። ቁምላቸው ደጀኔ ኣብ ግንቦት 1989 ንመንግስቱ ሃይለማርያም ክዓልዉ ፈቲኖም ምስ ፈሸሉ ሃዲሙ ከይተታሕዘ ኣመራጺ ዝኣተወ እንኮ ካብ ፈተንቲ ዕልዋ ጀነራላት ደርግ እዩ። ኣዛዚ ተራራ ክ/ጦር 21 ኮሎኔል ውብሸት ማሞ ከኣ ኣብ ተኸረረት (ከባቢ ኣቐርደት) ኣብ ቅድሚ ንሱ ዝመርሖ እኩብ ሰራዊት ተረሸነ። ድሕሪ'ዚ "ሙብረቕ እዝ" ዝበሃል ኣኽቲሙ "መንጥር እዝ" ተመስረተ። ምስ መክት እዙ ናደውን ውቃውን ኣርባዕተ እዝታት ኮነ። ኮሎኔል ውብሸት ማሞ ቅድሚ ምርሻኑ እቲ "ሙብረቕ እዝ" ፈሪሱ ነሮ ኣብ ምፍኣኑ ጉጅለ ኢንስፐክሽን ንኮሎኔል ውብሸት ጸብጻብ ስዕረት ሰራዊቱ ከቕርበላ ምስ ሓተቶ፥ ዚ ዝስዕብ ሓጺር ጸብጻብ ኣቕረበላ፤

*12 ለካቲት 1974 ግእዝ*
*(19 ለካቲት 1982 ፈረንጂ)*

***በቃይትቦብ ሀለገበ ኣብዮታዊ ዘመቻ ናብ ቤት ጽሕፈት ኢንስፐክሽን ኣስመራ***

***ጉዳይ፦ ኣብ ዝተዋህበ ናይ ውግእ ትእዛዝን ዝጸሓ ጉድኣትን ጸብጻብ ንምሕባርዩ፤***

*ከም ዝፍለጥ ተራራ ክ/ጦር 21 ካብ 15 ክሳብ 18 ለካቲት 1982 ዓ/ም/ፈ ኣንጻር ጸላኢ ከቢድ ናይ ውግእ ግጥም ኣካይዱ እዩ። ይኹን'ምበር ብመንገዲ ላዕለዋይ ኣዛዚ "ሙብረቕ እዝ" ናይ ወፍሪ መኮንን ካብ 14 ለካቲት 1982 ብዛዕባ ዝተዋህበና ትእዛዝ ኣፈጻጽማ መጥቃዕቲ ንናይ ወገን'ምበር ንኸኣታት ጸላኢ ዘየገናዝብ ሓባሪ ሞቕሲታት ዘለዎ ካርታ ኢና ተዋሂብና። ምስ'ቲ ዝተሓበረና ቦታ ብፍጹም ዘይራኸብ ካርታ ብምንባሩ ኣብ ግዜ ሓደጋ ከውድቐና ክኢሉ።*

*ቀዳማይ ምኽንያት ናይቲ ኣብ ክፍለጦርና ዝወረደ ግዜ ጉድኣት፥ እቲ ዝተዋህበ ትእዛዝ ሓደ ካር ብርጌድ ጸላኢ ኣብቲ ቦታ እናሃለወ፥ ዝተዋህበና ሓበሬታ ግን ሰራዊት ጸላኢ (ሻዕቢያ) ብምልሻ ዝተወደበ'ምበር ምዱብ ሰራዊት ከም ዘይኮነ ብምሕባር፥ ናይ ውግእ ትእዛዝ ተዋሂቡና። ብመሰረት'ቲ ዝተዋህበና ትእዛዝ ከኣ 14 ለካቲት 1982 ልክዕ ፍርቂ ለይቲ ምንቅስቓስ ጀሚርና። ብ15 ለካቲት 1982 ልክዕ ሰዓት 7፡00 ኣንጻር ጸላኢ መጥቃዕቲ ተጀሚሩ። ብዋዕሪ ኣብ ጊዜታ ዘጋጠመና ኩነታት ግን ምስ'ቲ ዝተባህለ ተጻራሪ ኩነታት ኣጋጢሙ። ኣብቲ ቦታ ዝጸንሐ ሓይሊ ሻዕቢያ ምዱብን ልዑል ተመኩሮ ውግእ ዘለዎን ነበረ። ብዓይነት'ውን ኢጋርን ናይ ሜካናይዝድ ብርጌድን ዘጠቓለለ እዩ። እዚ'ኣቶም ሻዕቢያ ብፍሉይ ዘዕጠቖምን ዘሰልጠኖምን ምኻናም ይዝረብሉም። ኣብኡ ተሰሊፎም ዝነበሩ ብርጌዳት ሻዕቢያ፤ 23፡ 70፡ 58፡ 77፡ ከምኡ'ውን ሜካናይዝድ ብርጌድ 76 ኒይርም። ነፍሲ ወከፎም ሰለስተን ካብኡ ንላዕልን ኣሕሉቕ ምስ ዘለዉዎ ሓይሊ ጸላኢ ውግእ ከካይድ'ዩ ትእዛዝ ተዋሂቡና።*

*ዓቕሚ ሰብ ተራራ ክፍለጦር 21 ምፍላጥ፡ ንምኽንያት ዋና ፍሽለት ናይቲ ውግእ መረዳእታን መረጋገጽን ክኸውን ይኽእል እዩ። ብ12 ግንቦት 1982 ኣብ ከረን ብዘተጎበረ ናይ ኢንስፔክሽን ገምጋም፥ ቅድሚ ውግእ ዝነበረና ዓቕሚ ሰብ 11,900 ክኸውን እንከሎ፥ ካብዚ ዓቕሚ'ዚ እቶም 644 መኮንናት እዮም። ካብዚ ዝተጠቕሰ ዓቕሚ ሰብ ሓደ ብርጌድ ከረን ተሪፉ፣ እቲ ከርከቦት ዝጸሓ ዓቕሚ 8744 ነይሩ። ብሓፈሻ ኣብ ውግእ ዝጸሓ ዓቕሚ ሰብ — ነይሩ።*

*ብዓይኒ ሓቂ ንክፍለጦርና ዝተዋህበ ናይ ውግእ ትእዛዝ ኣጕዚበ ዘይብሉ፥ ምስ መሬትን ኣተሓሕዛ ጸላእን ዘዋዕናዝበ ሓበሬታ እዩ። ኢይሮታን ካብ ታዕሊም ወጺኡ ቀጥታ ናብ ውግእ ዝኣተወ ሕጽረት ተሞክሮ ዘለዎ ክፍለጦር 21፥ ኑቲ ካር ክፍለጦራትና ክኽብዶ ኣብ ዝኽእል ውግእ ምእታውና ናብ ፍሽለት ኣምሪሑ። ኣብዚ ኣሸጋርን ኣጨናቒን ውግእ፥ ኣብ ልዕሊ ሰራዊትና ከቢድ ጉድኣት ወሪዱ። ዝወረደ መጠን ጉድኣት፥ 536 ናይ ማስዋእቲ ክሳራ፥ ልዕሊ 748 ቀሊልን ከቢድን መቑሰልቲ፥ 114 ከኣ ሃለዋቶም ዘይተፈልጠ።*

*ዋና ምኽንያት ናይቲ ዘጋጠመ ፍሽለት፥ ድኽመት ናይ ላዕለዋይ ኣካል'ዩ። ብትኽክል ዝተመርጹ ዕላማታት ከየጽረዩ ኣብ ግምታዊ ዕላማ ክንወፍር ትእዛዝ ሂቦምና። ማይ ኣለዎ ተባሂሉ ኣብ ካርታ ዝተመልከተ ቦታ፥ ኣብቲ ወፍሪ ዝገበርናሉ ወቕቲ ደረቕ ምንባሩ ኣብ ግምት ኣይኣተወን። ከምኡ'ውን ሰራዊትና ናይ ውግእ ተሞክሮ ብዘይምድላቡ ... ዝኣማስሉ ምኽንያት ብኽብሪ ንሕብር።*

*ዕላማ ወፍሪ ቀይሕ ኮኾብ ክትግበር'ዩ ብቓልስና ክንዕወት ኢና*

**መ/ቁ 2249 ውብሸት ማሞ**
**ኮሎኔል**
**ዋና ኣዛዚ ተራራ ክ/ጦር 21**

ኣዛዚ ክ/ጦር 21 ኮሎኔል ውብሸት ማሞ ኣብ ተኸረረት ኣብ ቅድሚ ሰራዊቱ ድሕሪ ምርሻኑ፥ ካብ ሓላፊ መምርያ ጉጅለ ኢንስፐክሽን ብርጋደር ጀነራል ሙላቱ ነጋሽ ናብ ኣዛዚ ሰራዊትን ጠርናፊ ኣፈጻሚት ወተሃደራዊ ኮሚተን ኮሎኔል መንግስቱ ሃይለማርያም ናይ ዝተላእከት ጥበቂ ምስጢራዊት ደብዳብ ትርጉም ድማ ከምዚ ዝስዕብ ትብል ነበረት፤


***26 መጋቢት 1982 ዓ/ም/ፈ***

***ጉዳይ፦ ብኣፈጻሚ ሰራሕ ንዝተዋህበ ውሳኔ ኣብ ተግባር ምውዓሉ ንምግላጽ'ዩ፤***


*ኣብ ግንባር "ሙብረቕ እዝ" (ከርከቦት) ብዘተገንጸለ ወንጀሬ (ንተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር'ዩ) ኣብ ልዕሊ ተራራ ክ/ጦር 21 ንዝወረዶ ከቢድ ዕንወት ኢንስፐክሽን ብዘዘበሮ ገምጋም፥ ኣብ ልዕሊ ተሓተትቲ ኮይናም ዝተረኽቡ ላዕለዎት መኮንናት፥ ብ3 መጋቢት 1982 ዓ/ም ውሳኔ ምዝኑ ይዝከር።*

*በዚ መሰረት ቀዳማይ መ/ቁ 1149 ኮሎኔል ውብሸት ማሞ ኣዛዚ ተራራ ክ/ጦር 21 ዝነበሩ፣ ካልኣይ መ/ቁ 1634 ሌ/ኮሎኔል ስለሺ ኣሰፋው ኣዛዚ ተራራ ብርጌድ 47 ክ/ጦር 21 ዝነበሩ ብ 7 መጋቢት 1982 ኣባላት ሰራዊቶም ኣብ ዝተኣከቡሉ፥ ኣብ ልዕሊ ቀዳማይ ተርታ ቕጽሪ ተጠቒሱ ዘሎ (ኮሎኔል ውብሸት ማሞ እዩ) ኣብዮታዊ ስጉምቲ ዝተወሰደ (ተቐቲሉ ማለቱ'ዩ) ክኸውን ከሎ፥ ኣብ ልዕሊ ካልኣይ ተርታ ቀጽሪ ተጠቒሱ ዘሎ ድማ ወተሃደራዊ ማዕርጉ ተቐንጢጡ ናብ ኣስመራ ምውሳዱ ብኣኽብሮት ብኣብዮታዊ ትሕትና ንገልጽ።*

***ብር/ጀነራል ሙላቱ ነጋሽ***



ንኮሎኔል ውብሸት ናይ ምርሻን ውሳኔ ኣብ ግብሪ ከም ዝወዓለ ዘረጋግጽ ደብዳብ ኮሚተ ኢንስፔክሽን



ጠንቂ ስዕረት ክ.ጦር 21 ዝገልጽ ጸሓፉ ኮሎኔል ውብሸት ማሞ 2.1982

ተወፋይነትን ናይ ውግእ ብቕዓትን ሰራዊት ኤርትራ (ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር) ከምቲ ኮሎኔል ውብሸት ማሞ ዝበሎ ሓዊ ዝጨኑን ኣብ ልዕሊ ጸላኢቱ ማዕከሕ ምንባሩ ልክዕ ገሊጹ። "ሰራዊት ሻዕቢያ ፍሉይ ታዕሊም ዝወሰደን ፍሉይ ዕጥቂ ዝዓጠቐን'ዩ ዝበሃል" ዝብል ኣገላልጻኡ'ውን ብዙሕ ኣገራሚ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ንስዕረት ሰራዊቱ ምኽኑይ ንምግባርን ካብ ተሓታትነት ንምልጋስን ዝተጠቕመሉ መራጎዲ ቃላት ስለ ዝኾነ። ግን ከኣ ተጋዳላይ ህዝባዊ ግንባር ብዓቕሚ ናይ'ቲ ኮሎኔል ክገልጾ ዘይክእል ፍሉይ ዕጥቅስ ዓጢቑ ነይሩ እዩ። ምምጻእ ናጽነት ዝብል ዕላማ ዋና መቃለሲኡ ኮይኑ፥ እምነት፥ ተወፋይነት፥ ... ዝብሉ ክብርታት ዘዋግኡዎ ዝነበሩ ፍሉያት ዕጥቅታት እዮም።

ስርዓት ደርግ፥ ብደገፍ ግዳማዊ ሓገዝ ወራር ንምቕጻል ንኽልተ ዓመት መመላእታ ዘይተኣደነ ብዙሒ ሰራዊት ክምልምልን ሎጂስቲካዊ ሓገዝ ክእኩብን እንከሎ፥ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ድማ፥ ህላወ ሃገርን ህዝቡን ንምውሓስ ንዘለዓለ መስዋእቲ ኣእምሮኡ ሰሒሉ ተዳልዩ እዩ። ካልእ ኣማራጺ ዝበሃል ስለ ዘይነበሮ፥ ካብ ሓላፊ ክሳብ ተራ ተጋዳላዩ፥ ኣብ ኣፍቲ እጃም ብዘተዓጸጸፈ ብቕዓት ክፍጽም ናይ ዝነበሮ መርኣያ ልዑል ምቅርራቡ'ን "ሙብረቕ እዝ" ኣብ ውሽጢ ሳልስቲ ከም ሃፉ ማይ ኩብንና ምኽኣሉ ተኣምራታዊ ስርሒት ፈጺሙ እዩ። እዚ ዓወት'ዚ፥ ንፍናን ተጋዳላይ መለሱ ናብ ጥርዚ ብራኽ ዘደየበ ኣዝዩ ኣገዳሲ ጅማሮ ነበረ። እተን ኣብ ዓዳይት፥ ሸከርን ኣፍንቕብን ቅያ ዝሰርሓ በጦሎኒታት ከኣ፥ ኣብ ግንባር ባርካ ንዘሓፈሳኦ ዓወት ኣብ ግንባር ናቕፋን ሰሜናዊ ሳሕልን ንምድጋመ፥ ሻምብቆ ብረተን ካብ ባርካ ናብቲ ብምንባራት ሳሕል ዝወፈረ ሓይሊ ጸላኢ ብምግር፥ ዝጠዛሓ ምስ ኣብ ሳሕል ዝነበረ ሓይሊ ናይቲ ውድብ ተደረባ።

**ኣብ ዝሓለፈ ዓንቀጻትና፥ ብዛዕባ ኣመሰራርታ ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል፥ ኣብኡ ዝተደምሰሰ ኣሃዱታት ጸላኢ፥ ኣብ ድሮ ምጅማር 6ይ ወራር ኣብቲ ግንባር ዝነበረ ኣሰላልፋ ጸላኢ፥ ዝነበሮ ዓቕሚ ሰብን ዕጥቅን ገሊጽና ነይርና። ሕጂ'ውን ቅድሚ ቀጥታ ብዛዕባ ፍጻመታት ውግእ ምግላጽና፥ ኩነታት ቀረባት፥ ድፋዓትን ድልውነትን ተጋደልቲ ኣብቲ ግንባር ብሓጺሩ ንርአ፤**

መልክዕ መሬትን ኩነታት ኣየርን ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል፥ ዳርጋ ናይ ጉዳእ ርእሱ ዝተፈልየ መግለጺ ኣለዎ። ድፋዓት ተጋደልቲ፥ ካብ ምብራቓዊ ጎላጉል ንምዕራብ ቀጺሉ ዝርከብ ኣኽራን'ዩ። ጸላኢ ካብ ደቡብ ንሰሜን ንእግሪ ናይቲ ኣኽራን ተቖጺቱ ክሕዝ ከሎ ናይ ወገን ሰራዊት ድማ፥ ወላ'ኳ ኣብ መጀመርታ ዘይተታሕዘ ክፉት ቦታታት እንተ ነበረ፥ ኑቲ ሰንሰለታዊ ኣኽራን ሒዙ ንመኸተ ተዳለወ። ቦታ ተጋደልቲ፥ ብትሕዝቶ ማያት ካብ ኣብ ቀጽጽር ጸላኢ ዝነበረ ቦታታት ዝሓሸ እዩ። እንተ'ኾነ፥ እቲ ማይ ዝርከቦ ቦታታት ተጋደልቲ ራሕቂ ነይሩ'ም። ብሰንኪ'ውን መጽዓኛን ማይ ንምጉራት ነውሕ ዝበለ መንገዲ ክትጎዓዝ ትግደድ። ብፍላይ ጸጋማይ ግንባር፥ በጣት ስለ ዘይብጽሓኣ ጉዳይ ማኣቢሮ ጻዕርን ድኻምን ይሓትት ነይሩ።

ኩነታት ኣየር ናይዚ ከባቢ ዝውሓ ኣዋርሕ ካብ ወርሒ መጋቢት ክሳብ ጥቅምቲ- ጸሓይን ሃሩርን'ዩ። ብሰንኪ ጣንጡን ፍሊስን (ተናኸስቲ ሓሸራታት) ኮፍ ንኽትብሎ ምቹእነት ኣይነበሮን። ምስ ቦታታት ጸላኢ ብምዝማድ ግን ዝሓሸ ኩነታት ኣየር ነይሩ'ም። ሰራዊት ጸላኢ ግን ብሰንኪ ሕማቕ ኩነታት ኣየርን ኣቀማምጣ ቦታን ከም ዓሶ፥ ሕማም እዝኒ፥ ምግምጻጽ ምንጋጋ፥ ... ዝኣመሰሉ ሕማማት የጋጥሙዎ ነበሩ።

መከላኸሊ መስመር ተጋዳላይ፥ ዝተኸዕተ ካናለታት፥ ትሕተ ባይታዊ ዝተሃደመ መዋግኢ፥ መቐመጢ ንብረት፥ መእለዪ ውጉኣትን መማሃሪ ግዘውትን ዝተሰርሓሉ እዩ። ንዕጥቅን ሰንቅን ዝምልከት'ውን፥ ኑቲ ወራር ንምፍሻል ተባሂሉ ምድላዋት ተገይሩ ነይሩ። ኣብ ርእሲ'ተን ዝነበራ ፍሉጣት ማዕከናት (ሓለብትን ገረግርን) ንዋማናይ ክንፌ ግንባር ክስርዓ ተባሂለን ኣብ ወጀጣን ፋሕን ተወሰኽቲ ክልተ ማዕከናት ተመዲበን ነይረን። ከም መጠባበቲ ወጀባ ኮይና፥ ኑተን ብወገን ፋሕ ዝነበራ ኣሃዱታትና ብኣግማል ንምዕዳል ምድላዋት ተገይሩ።

ኣኻሊ ሰንቂ'ኳ እንተዘይነበረ፥ ኑቲ ኹነታት ከገልግል ዝኽእል ሰሩሕ መግቢ፥ ከምኡ'ውን ከም ቢንስን ሳልሳን ዝኣመሰሉ ዕሹጋት ከም ዝዳሎ ተገይሩ እዩ። ብቐንዱ ግን ኩለን ኣሃዱታት ክሳብ ናይ 10 መዓልታት ዝምግብ ኩርሾ ኣዳልየን ነይረን። ኩርሾ ንምስራሕ ኣገዳሲ ዝኾነሉ ምኽንያት፥ ኣብ ግዜ ውግእ ደብዳብን እቲ ዝጥርጠር ዝነበረ መርዝም ጋዝን ኣብ ምድላው መግቢ ክዕንቅጽ ስለ ዝኽእል፣ ኣብ ምምልላስ መግቢ ዝውጉኡን ዝጉድኡን ተጋደልቲ ክህልዉ ስለ ዝኽእሉ፥ ካብ ሳሕዊ ዓቕሚ ሰብ ኣብ ድፋዓት'ውን ብመጠኑ ክፈትሕ ስለ ዝኽእል'ዩ።

ወራር ኣብ ዝጀመረሉ፥ ንራድዮታት ርክብ ዘገልግል ሕጽረታት ባትሪ ስለ ዘጋጠመ ብዘይ መጠን ኣጸጋሚ ነይሩ። ደንጉዩ'ኳ እንተኾነ ኣብ መንጎ'ቲ ወራር ስለ ዝርከበ ግን ሽግር ተፈቲሑ። ንመጓረቲ ማይ ዘገልግሉ ናይ ጀሪካናትን ፊስቶታትን'ውን ሕጽረታት ነይሩ። ጉዳይ ምግዕዓዝ ንብረትን ምጉራት ስንቅን ማይን ኣብ መጻዓኛን ጉልበት ተጋዳላይን ይምርኮስ ስለ ዝነበረ ኣብዚ'ውን ሕጽረት ነይሩ። ምኽንያቱ ብዙሓት ኣብርቲ ናይ'ዚ ከባቢ በቲ ወራር ተጸልዩም ናብ ሱዳን ስለ ዝኸዱ፥ ካብ ህዝቢ ከም ድላይካ ኣግማል ምእካብ ዝከኣል ኣይነበረን።

ከም ፍታሕ ኣብ ሓለብት፥ ገርገርን ቀብርውኣትን፥ ከምኡ'ውን ኣብ ድሮ ምጅማር ወራር ኣብ ወጀባ ቀወምቲ ናይ ጽዕነትን ቦጣት ማይን ዘዋፍር ኣሃዱ መጓዓዝያ ተገይሩ ነይሩ። እዘን ኣዝዩን ውሱናት መኪይን ኣብቲ ግንባር ንዝነበረ ጠለብ ክሸፍና ዘይክእላ'ኳ እንተ ነበራ፥ ኣብቲ ቀንድን ወሳኒ ስራሕን እናተዋፅአ ከም ዘድምዓ ተገይሩ። ኣብ መጓዓዝያ ቀንዲ ኣሸጋርን ተኣፋፍን ዝነበረ ጉዳይ ነዳዲ እዩ። ኣዝዩ ውሑድ ስለ ዝነበረ፥ ንምንቅስቓስ መኪይን ዝድርትን ኣብ ኣገዳስን ቀንድን ነገራት ጥራይ ንኽወፍራ የገድድ ነይሩ።

መስመራት ዕደላ ናይቲ ግንባር፥ ካብ ጥግሕ ክሳብ ኣልጌን ዘሎ ቦታታት ገዲፍካ፥ እቲ ጸጋማይን የማናይን ክንፍታት ጸርግያ ኣይነበሮን። ኩሉ ምጉዕዓዝ ቀረባት ብኣግማል ይትግበር ነይሩ። ኣብ ድሮ ምጅማር ወራር፥ ካብ ወጀባ ንዝሮ ዘእቱ መገዲ ንምጽራግ ክሳብ 500 ዝኾኑ ተጋደልቲ ተመዲቦም ተፈቲኑ ነይሩ። ካብ ጥግሕ ክሳብ ኣልጌን ግን ዝጠዘሐ መኪይን የእቱ ነበረ።

ንኣገልግሎት ሕክምና ዝምልከት'ውን ሰራዊት (ተጋዳላይ) ሰሉጥ ኣገልግሎት ዝረኽበሉ ኣድላዪ ምቅርራብት ተገብረ። ቅድሚ ምጅማር ወራር፥ ነበራት ሓካይም ብርጌድ ፍልጠቶም ከማዕብሉ ብሰሚናራት መልክዕ ፍሉይ ትምህርቲ ይወሃቦም ነይሩ። ሓደስትን ነባራትን ኢጋር ሓካይምን'ውን ዘድሊ ትምህርቲ ቀሲሞም ኣብ ኣሃዱኦም ይምለሱ ነይሮም። ሓካይም ይኹኑ ተራ ተጋደልቲ ንመርዝም ጋዝ ዝምልከት ዘተኣማምን ፍልጠት ንምዕጣቕም ብሓካይም ብርጌድን ዝምልከቶም ሓለፍትን ዝርዝር ዓይነታት ጋዝ፥ ጉድኣቶምን ኣጕዚበ ምክልኻሎምን ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ኣሃዱ ብሰሚናራት ዘሙተ ተኻይዱ። ኣሰራርሓ ማሽኬራን ኣጠቓቕማኡን'ውን ብሰፊሕ ተሓቢሩን ኩሉ ከም ዝፈልጦ ተገይሩ።

ኣብ ርእሲ'ቲ ኣብ ሓለብት ዝነበረ ማእከላይ መጥባሕቲ ኣሃዱ ናይ'ቲ ግንባር፥ ክልተ ተወሰኽቲ ናይ መጥባሕቲ ኣሃዱታት ከም ዝህልዋ ተገይሩ። ሓንቲ መጥባሕቲ ኣሃዱ ኣብ ቀብርውኣት ድልውቲ ኮይና። ኣብ ከባቢ ጭህጦን ቀታን ዝነበራ ኣሃዱታት ካብ ጽርግያ ርሑቕ ኣብ ርእሲ ምንባረን፥ ካብ ሓለብት'ውን ዝረሓቐ ቦታታት ስለ ዝኾነ ውጉኣት ብቐረባ ዝናበዩሉ ካብ ብርጌዳትን ሕክምና ሓለብትን ብዘተዋጽኡ ሓደ መጥባሕቲ ኣሃዱ ከም ዝቖውም ተገይሩ።

**ይቕጽል**

# ምረኽታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ


ASMARA MINING SHARE COMPANY
Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688
Tel. ++291-1-153986
Asmara, Eritrea

# VACANCY ANNOUNCEMENT

**Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position.**
**Isolation Officer**
**Number required – (04)**
**Type of contract – Indefinite**

**Major Duties and responsibilities**

- Supports the Senior Electrician in maintaining a safe and reliable fixed plant environment by leading and executing the isolation and lockout of electrical, pneumatic, gravitational, and mechanical energy sources. This role also assists with electrical tasks, including installation, troubleshooting, and maintenance of equipment to ensure optimal performance and safety.
- Reports directly to the Senior Electrician and actively contributes to daily plant maintenance, operational support, team development, and continuous improvement initiatives—ensuring all activities align with and support the achievement of production, safety, and maintenance KPIs.

TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREA

- Interpret electrical schematics, control narratives, and piping & instrumentation diagrams (P&IDs) to accurately identify equipment and perform effective isolation and lockout procedures.
- Conduct audits on all equipment to identify issues within lockout systems, perform necessary repairs, and escalate unresolved problems for further action.
- Perform preventive and corrective maintenance on electrical systems and equipment, including MV/LV motors, VFDs, MCCs, transformers, switchgear, lighting systems, UPS units, and backup generators.
- Respond promptly and professionally to emergency breakdowns and after-hours maintenance calls, ensuring rapid restoration of equipment.
- Understand plant interlocks and automatic start-up sequences to ensure complete isolation of upstream and downstream equipment.
- Perform equipment isolation in full compliance with site isolation and lockout procedures, ensuring strict adherence to all safety standards.
- Collaborate with other departments (e.g., mechanical, instrumentation, operations) to coordinate cross-functional maintenance efforts.
- Maintain accurate records of isolation activities and ensure proper documentation for compliance and reporting.
- Manage the issuance of lockout keys and tags, conduct regular audits, and maintain an up-to-date register of all keys issued on site.
- Promote safe work practices and adherence to isolation standards within the team.
- Assist in electrical work, including installation, troubleshooting, and maintenance of equipment to ensure safe and reliable operations.
- Ensure proper use of PPE and compliance with all site safety procedures, hazard identification, and risk mitigation measures.

**Profile: Qualifications and Experience**

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | • Grade 12<br>• Technical College Electrical Engineering Diploma/ certificate |
| Working Experience – Nature & Length | • 5 years' experience as an Electrician<br>• Familiarity with relevant health and safety standards and regulations.<br>• In-depth knowledge of different Electrical Fixed Plant Equipment, i.e. Crusher, Mills, Conveyor belt, Pumps etc.<br>• Comply with all HS&E policies, procedures and instructions. |
| Technical Skills | • Experience in Slurry Pumps, Crusher, Mills, Conveyor belt and Floatation Cells<br>• Analytical skills & Decision-making skills<br>• Basic knowledge of CMMS systems & Proficient Microsoft skills<br>• Valid Driver's License |
| Behavioral Skills | • Good Interpersonal skills<br>• Demonstrated team building and mentoring skills<br>• Strong interpersonal relationship-building skills and adaptability to work with people of different cultures. |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work**: AMSC Sites
- **Type of contract:** Indefinite Period
- **Salary:** As per the Company salary scale

**Additional requirements for Nationals:**

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered a3s potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

- **Address: Please mail your applications to:**
  **Asmara Mining Share Company,**
  **P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea**
- **Applicants shall be required to send a copy to:**
  **Mineral Resources Management**
  **P.O. Box – 272**
  **Asmara**
- **Note to Eritrean applicants:**
  **Please send a copy of your application to**
  **Aliens Employment Permit Affairs,**
  **P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**

# ዕላል ምስ ኣቦይ ተኸለ በየነ (ኮፒ) - ‘ኣዝማሪኖ ሓምሳታት’

*ኣቶ ተኸለ በየነ (ኮፒ) እየም ዝበሃሉ። ንልዕሊ ፍርቂ ዘመን ኣብ ዲዛይንን ምስራሕን ጫማ (ስርሓት ቆርበት) ዝጠፉ እየም። ሜዕረ ሜዕረኡ ብፍላይ ኣብ 1950ታትን 1960ታትን ከም ስነ ጥበበኛ፡ ኣብ ዘመናዊ ሳዕስዒት ክእሎቶም ዘማዕቡን መማህር ናይ ትልሂት ዝነበሩን'የም። ቀጺልና እምበር፡ ምስኦም ኣቦ ናይ ዝገበርናዮ ዕላል ሳልሳይን መወዳእታን ክፋል ይስዕብ።*

ማህተመ ገብረእየሱስ

3ይን መወዳእታን ክፋል

*ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን (ዓርቢ) ኣብ ዝወጸአ ካልኣይ ክፋሉ፡ ተኸለ ኮፒ ኣብ ኣስመራ'ውን ቤት ትምህርቲ ሳዕስዒት ከፊቱ ዝተፈላለዩ ሞያ ንዘለርም ግዱሳት ኤርትራውያን ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ከም ዝመሃረ፣ ድሕሪኡ ዝተፈላለየ ናይ ሳዕስዒት ክእለት ከም ዝተማሃረታን ክእለት እናናተኸረየ እውን ውድድር ሳዕስዒት የካይዳ ምንባረን ገለጸና። ብድሕሪ'ዚ፣ ናብ ኣዳስ ኣቦ ድሕሪ ምምልሳኡ ድማ ኣብ ብሄራዊ ትያትር ስራሕ ምክልጣን ሳዕስዒት ከም ዝጀመረ፣ ካብኡ ምስ በረኸት መንግስትኣብ ተራኺቡ ናይ ደርፍን ክራርን ክእለቱ ብምምዝዛብ ኣብ ብሄራዊ ትያትር ስራሕ ክእትዎ ከም ዝተሰማምዑ ነጊሩና። ሳልሳይን መወዳእታን ክፋል ናይ'ቲ ድሕሪኡ ዝሰዓበ ጉዕዞ ህይወት ተኸለ ኮፒ ይቕጽል፦*

***

ቅድሚ በረኸት መንግስትኣብ፡ ሃይለ ጉብረእግዚኣብሄር ዝበሃል፡ ኣብ “ብሄራዊ ትያትር ቀዳማዊ ሃይለስላሰ” ዝሰርሕ ኤርትራዊ ደራፋይ ምንባሩ ይዕለል'ዩ። ንሱ፥

“ኣብ'ቲ ጎቦ ጎቦ ናይ ኣኸርያ
ኣስመሪተይ ልበይ ወሰደካየ
ሰጠ ዘይብሉ ኣይቀሳይን
ደገና ዘይብሉ ኣይሰማይን ...” እትብል

ደርፊ ዝበረቶ እዩ።

ተኸለ ኮፒ፡ ንጸባሒቱ ሰሩይ ንሓላፊ ብሄራዊ ትያትር ኣቶ ተስፋዩ ረኺቡ፡ “ሓደ ካብ ኣስመራ ዝመጸአ ንፉዕ ደራፋይ ኣሎ። ካልኣት ከይወሰዱዎ



በሃር ድምጻዊ በረኸት መንግስትኣብ

ከለዉ'ዶ ናብ'ዚ ከፆጽአ?” ክብል ሓተቶ። ኣቶ ተስፋዩ ድማ፡ “ሕራይ ኣምጽኣዮ” ዝብል መልሲ ሃቦ፡ ተኸለ ኮፒ ድማ ኑቲ ኣብቲ እዋን'ቲ ቀምቃማይ ዝነበረ በረኸት መንግስትኣብ፡ ጸቡቕ ዜና ሐዚሉ ተመለሰ።

ተኸለ ኮፒ፡ ሰለሰ መዓልቲ ንበረኸት ሐዚዎ ናብ ኣቶ ተስፋዩ ከደ። እቲ ሓላፊ፡ መጀመርታ በረኸት መንግስትኣብ ባዕሉ ዝመረጾ ደርፊ ክደርፍ ዕድል ብምሃብ ፈተኖ። ኣብ ካልኣይ ፈተነ ድማ፡ ‘ዓደየ ዓዲ ጀጋኑ’ እትብል ናይ ኣተወብርሃን ሰጊድ ደርፊ ከሰምዖ ንበረኸት ሓተቶ። በረኸት ድማ ቡቲ ምኡዝ ደሃዩ ገይሩ ኣንጎድጉደለ። ኣቶ ተስፋዩ ኣይተማትአን፤ ብኡ ንብኡ፥ “ካብ'ዛ ግዜ እዚኣ ስራሕ ጀሚርካ ኣለኻ” በሎ።

ካብኡ፥ ኣቶ ተኸለን በረኸትን ጸቡቕ ዕርክነት መስረቱ። ተኸለ ኮፒ፡ ደሮ ሓዳር ማስራቱን ኣቦ ሓደ ቁልዓ ኮይኑን ስለ ዝነበረ፡ በረኸት ናብ ገዛ እንዳ ኣቶ ተኸለ እናመጸአ የዕልል ነበረ።

ብኸም'ዚ፡ በረኸት መንግስተኣብ ብዘይተሓሰበ ኣጋጣሚን ብቅልጡፍን፡ ኣብ ብሄራዊ ትያትር ቀዳማዊ ሃይለስላሰ ስራሕ ጀመረ። ተኸለ ኮፒ ድማ፥ “ኣጆኻ!” እናበለ ብዘዋዘሉ የተባብዖ ነበረ። እቲ ብዓል ተውህቦ በረኸት'ውን ኣይተሓመቐን፤ ፈለማ ናይ ካልኣት ደርፊ እናደገመ፡ ጸኒሑ ባዕሉ ዜማን ግጥምን ሰሪሑ እናደረፈ ህቡብነት ኣጥረየ። እዝዕ ድማ በዝርን ር.ሃ.ጥን ዝበል ንክእለቱን ኣበርክቶኡን ክብሪ ዝሀብ ማዕርግ ተላበሰ፤ ንህዝቡን ሃገሩን ኣማኢት ደርፍታት ኣፍርዩ ታሪኽ ሰሪዑ፡ ብ12 ሕዳር 2025፡ ናብ ዓዲ ከላትና ሓሊፉ።

ተኸለ ኮፒ፡ ኣብ መወዳእታ 60ታት ቅድሚ ናብ ኤርትራ ምምጻኡ ምስ ካልኣዩ ተሻሪኹ፡ “ከረን ጫማ ፋብሪካ” ዝስሙ ትካል ከፊቱ ነይሩ። እንተ ኾነ ነዊሕ ከይጸንሐ፡ ኣብ መጀመርታ ሰብዓታት ማርዮ ማርጌቲ ዝበሃል ኢጣልያዊ ኣብ ኣስመራ ንዘማስረቶ ፋብሪካ ጫማ ከመሓድረሉ ስለ ዝሓተቶ፡ ጠቕሊሉ ናብ ኣስመራ ተመልሰ። ምስ በረኸት መንግስተኣብ ዝራኸቡሉ ዕድል ድማ ተዓጽወ።

ኑቲ ኣብ መንፈሱ ዝሰረጸን ፍቕሪ ዝሕደረሉን ጫማ ምስራሕን ዲዛይንን ኣብ ኣስመራ ዝቐጸሎ ተኸለ ኮፒ፡ ካብ ሳዕስዒት'ውን ኣይተፈልየን። እንተ ኾነ ዝያዳ ኣብ ናይ ጫማ ስርሓት ከድህብ መረጸ። ብመሰረት ዝቐረበሉ ጸወዒት ናይ ማርዮ ማርጌቲ፡ ናይ ማሽናት ምስትኽኻልን ዲዛይን ጫማ ምውጻእን ዕዮ ምዕያይ ጀመረ። ኣብ'ዚ ትካል እናሰርሐ ከሎ ግን፡ ዋና ናይ'ቲ ትካል ማርዮ ማርጌቲ፡ ንሓደ ኣቤታ ዝተባህለ ብዙሕ ዘይማዕበለ ድኳን ናይ ጫማ ዝነበሮ ኢጣልያዊ ብምምጻእ ሓላፊኡ ስለ ዝገበሮ፡ ተኸለ በዚ ኣይተሓጎሰን። ማዕረኡ ፍልጠትን ተመክሮን ዘይብሉ ሰብ፡ ጸዕዳ ብምዃኑ ጥራይ ከም ሓላፊኡ ኮይኑ ክእዝዞ ምስ ፈተነ፡ ክቕበሎ ኣይተዋሕጠሉን፤ ክወጽእ ወሰነ። ማርዮ ማርጌቲ፡ ‘ላም ሳዕሪ ተብልዓ'ሞ ጸባ ትሓልብ፡ ስለዚ ተሰማሚዕኩም ስርሑ፤ ኣነ ሓላፊኻ ክኸውን ኣየምጻእክዎን፤ ንብረት ክትሕልወለይ እየ ኣምጺአዮ’ ብምባል'ኳ ካብቲ ትካል ንኸይወጽእ ንተኸለ ኮፒ እንተ ለመኖ፡ ብዘበርኦ ክእለትን ተመክሮን ስራሕ ከም ዘይስእን ዝተኣማመን ተኸለ ግን ብኡ ንብኡ ስርሑ ጠንጢኑሎም ወጽአ። ምስ ምውጻእ ተኸለ እቶም ካልኣት ሰራሕተኛታት'ውን ‘ንሱ እዩ ሓላፊና ጥልያን ኣይንደልን ኢና’ ብምባል ካብ'ቲ ስራሕ ከም ዝወጽኡ የዕልል ኣቶ ተኸለ።

ተኸለ ኮፒ፡ ካብ እንዳ ማርዮ ማርጌቲ ምስ ወጽአ፡ በኒ ኣብ ዝውንኖ “ዳህላክ ፋብሪካ ጫማ” ስራሕ ጀመረ። ኣብ'ቲ ትካል፡ ሓደ ናይ ጫማ ሞዴል ክኢላ ዝኾነ ጸዕዳ ከምኡ ድማ ሓደ ሰራሕተኛታት ዘወጽእን ዘእቱን ኤርትራዊ ነበሩ። ብ600 ብር ደሞዝ ዝተቖጸረ ኣቶ ተኸለ ስራሕ ምስ ጀመረ፡ ኣብ መበል 13 መዓልቱ፡ 13 ናይ ቈልዑን ኣንስትን ሞዴል ብምስራሕ፡ ኑቲ ትካል ኣበርከተሉ።

ኣብ'ቲ ትካል ሞዴል ዘውጽእ ዝነበረ ጸዕዱ ደሞዙ 3000 ብር ኮይኑ፡ ብናጻ ዝነብረሉ መንበሪ ቪላን ኣብ ዓዱ እውን ተቖሪጺ ደሞዝ ዝነበሮን እዩ፡ ናይ ኣቶ ተኸለ ናብ'ቲ ትካል ምምጻእ ዘዋጽአ ኣይነበረን። ስለዚ ድማ እቲ ዳርጋ ጉርን ሓዳግን ዝነበረ ኤርትራዊ ሰራሕተኛ፡ “እዚ ሰብ'ዚ ፈርማቶረ (ናይ እዝዚ) ናይ ኢትዮጵያ እዩ” ክብል ኑቲ ጥልያን ነገሮ። እቲ ጥልያን ከኣ ንበኒ ሓብሮ'ሞ፡ እቶም ‘ሞንጀርኖ ረጋኦ ሚዮ’ ‘ሞንጀርኖ ሲኞረ’ (ከመዓልካ ዝወደይ፣ ከመዓልካ ሲኞረ) እናተበሃሃሉ ከም ኣጦን ወድን ጽቡቕ



ኣቶ ተኸለ ኮፒ - 1961

ተወዛዚዶም ዝነበሩ ተኸለ ኮፒን በኒን ስጡም ወህደቶም ላሕሊሐ። በኒ ኾኣ ቡቲ ኤርትራዊ ገይሩ፥ “እዚ ግዛ ከሐደሶ ስለ ዝኾንና፡ ድሕሪ ሰለስተ ሰሙን ክንጽውዓካ ኢና” ብምባል ንተኸለ ስራሕ ከቋርጽ ሓበሮ። ኣቶ ተኸለ ድሕሪ ሰለስተ ሰሙን'ኳ ናብ በኒ እንተ ተመልሰ፡ ስራሕ ከም ዘየለ ብምሕባር፡ ናይ'ቲ ዘውጽኦ ሞዴል ከይከፈሉ ናይ ዝሰርሖ 13 መዓልቲ ደሞዙ ዘይግበኦ ቀረጽ ኣኽፊሉ ሕሳቡ ዓጸዩ ኣፋነዎ።

ተኸለ ስለምንታይ ካብ ስራሕ ከም ዝተባረረ ዝፈለጦ ምኽንያት ኣይነበረን። ጸኒሑ ግን፡ ጆን ፓውሎ ንዝስሙ ወዲ ንበኒ፥ “ንምንታይ እዩ ኣጦካ ካብ ስራሕ ኣወጺኡኒ ኢሉ ምስ ሓተቶ፡ “ፈርማቶረ እዩ ስለዝበሉዎ እዩ” ክብል ኑቲ ሓቂ ደርጓሓለ። “ስለ ዝቐንኡለይ እዮም እምበር፡ ከም'ቲ ዝበሉዎ ኣይነበርኩን” ክብል ከኣ ተኸለ ኮፒ ንወዲ በኒ ኣረድኦ።

ድሕሪ'ዚ፡ ኣብ'ታ ብኢጣልያዊት ትውነን ዝነበረት ኣብ ፊት እንዳ ዳንተ፡ ረጋ ብሪትሽ ላይብረሪ ዝነበረት ገዛ ብመንገዲ ሓወቦኡ፡ እንዳ ጫማ ክንብሩዋ ኑታ ዋና ምስ ተዛረብዋ፡ “ሕራይ” ትበሎም'ሞ፡ እቲ መሳርሒታት ምልቕቓብን ናይ ኤሌክትሪክ ክእለትን እተዓደሎ ኣቶ ተኸለ፡ መሳርሒታት ስለ ዘይነበሮ፡ ባዕሉ መሳርሒታት ጸጋኒ (ሞደፊካረ ገይሩ) ኩሉ ዘድሊ ብምድላው፡ ኣብ'ዛ ግዛ ናቱ እንዳ ጫማ ከፈተ። ጸቡቕ ጫማታት እናሰርሐ ከኣ ኣብ ቤትሪና ክዝርግሕ ጀመረ።

ኣብ ፊት ናይ'ዛ ዝኸፈታ እንዳ ጫማ፥ ብበኒ እትውነን ትካል “እንዳ መቖርን እንዳ ሬደዮን” ነበረት። ሓደ መዓልቲ በኒ ናብ ስርሑ ክሓልፍ ኑቲ ኣብ ቤትሪና ተዘርጊሑ ዝነበረ ጫማታት ብተመስጦ ይዕዘቦ ነበረ። ሽዑ ኣቶ ተኸለ “ቦኖ ሴራ ሲኞር በኒ” – ‘ደሓንዶ ኣምሲኻ ሲኞር በኒ’ በሎ። ሰላምታኡ፥ “እዚ ወቑብ ጫማታት ርኣዮ፡ ኣነ ዝሰራሕክዎ'ዩ” ዝዓይነቱ ቅሂት ነበሮ።

*“ረጋኦ ሚዮ ኩ ባሮ ቱ? (ኣብዚ ዲኻ ተቖጺርካ ትሰርሕ ዘወደይ?)” ሓተተ በኒ።*

*“ኖ ኳስቶ ኖጎዞዮ ኤ ሚዮ (ኣይፋል! እዚ ድኳን ናተይ እዩ)” ምስ በሎ፡ በኒ ኣዝዩ ተገረመ። “ብራቮ! ብራቮ! ረጋኦ ሚዮ” (ንፉዕ ዘወደይ) ድማ በሎ።*

ተኸለ ኮፒ ኣብታ ድኳን እናሰርሐ፡ ናይ ስርዓት ለውጢ ኮይኑ ደርግ ናብ ስልጣን ምስ መጸአ፡ ብትእዛዝ ሰበ ስልጣን ደርግ ‘ክእለትካ ንሃገርካ ክተበርክት ኣለካ’ ተባሂሉ፡ ኣብ'ቲ ኣቐዲሙ ዝሰርሓሉ ዝነበረ እንዳ መርጌቲ ዝበሃል ዝነበረ'ሞ፡ ብመንግስቲ ምስ ተወርሰ “ኢትዮጵያ ጫማ ፋብሪካ” ዝተበሃለ ትካል ክሰርሕ ተኣዘዘ። ኑታ ድኳን ከይገደፋ ድማ ኣብኡ ተቖጺሩ ስራሕ ጀመረ። እታ ድኳን ዝነበረት ፋብሪካ ክትብረብር ጀመረት። ተኸለ፡ ላዕለዋይ ሓላፊ ናይ ዲዛይንር ፕሮዳክሽን ኮነ። ኑታ ትካል ድማ ካብ ኢትዮጵያን የመንን ብዙሕ ጠለብ ጫማታት ክመጽኣ ተራእዩ። እቲ ትካል ዝሰርሖ ክሳብ 7000 ዝኸውን ጫማ ብፋሪት ተጻዒኑ ናብ የመን ክለኣኽ እውን ተኻኢሉ። ተኸለ ንፋብሪካ ጫማ ዳህላክ ከይተረፈ፡ ዲዛይን ይጉብረሎም ነበረ።

ደርግ ናብ ስልጣን ኣብ ዝመጽኣሉ፡ እቲ ድኳን እንዳ ጫማ ከም ዝሓሰቦ ዘይከደሉ ተኸለ ኮፒ፡ ንዓኡ ብምግዳፍ ናብ (ካምፖ ቦሎ) ብምምጻእ፡ ኣብ ላዕልን ታሕትን ክፍልታት ኣብ ዘለዎ ህንጻ ኣብ ላዕሊ መንበሪ ኣብ ታሕቲ ድማ ትካል ጫማ ከፊቱ ክሰርሕ ጀመረ፡ ኣብ'ዚ ሓደሽ ትካል ዓማዊል እናጥረያውን



ኣቶ ተኸለ በየነ (ኮፒ)

ጽቡቕ ሰኑሙ ነይሩ። ቅድሚ ናጽነት ቅድሚ ቀሩብ ዓመታት ድማ ካብቲ ናይ መንግስቲ ትካል (ኢትዮጵያ ጫማ ፋብሪካ) ብሕማም ኣመኽንዩ ጥሮታ ወጽአ። ኣብ ገዛኡ ኮይኑ ከኣ ስራሕ ጫማ ቀጸለ።

ተኸለ ኮፒን በሃር በረኸት መንግስትኣብን ኣብ መጀመርታ ሰብዓታት ምስ ተፈላለዩ ድሕሪ ናጽነት ተራኸቡ። ብዓብኡ ድማ እቶም ኣብ ናይ መንእሰይን እኹል ሰብኣይን ዕድመ ዝተላለዩን ጥቡቕ ምሕዝነት ዝፈጠሩን ተኸለን በረኸትን፡ ኣምላኽ ዕድመን ጥዕናን ሂቡዎም፡ ኣብ ዕድመ ሽምግልናኦም ኣብ ጽምብል መበል 50 ዓመት (ወርቃዊ ኢዮቤልዩ) ሱጥባዊ ጉዕዞ በሃር ድምጻዊ በረኸት መንግስትኣብ፡ ሓደ ብዓል ጽምብል ሓደ ድማ ናይ ክብሪ ዕዱም ኮይኖም ኣብ ማትኣ ብምምሳይ ኑቲ ዝተራኸቡሉ ኣጋጣሚ ኣብ መድረኽ ብምውጻእ ከጸውዩ በቕዑ።

ኣብ ገዝኦም ኮይኖም ስራሕ ጫማ ከሰላስሉ ዝጸንሑ ኣቶ ተኸለ፡ ኣብ 2017 ዓ.ም ዓብዪቲ ማሽናት ብምትካል፡ ስራሕ ጫማ መሊሶም ተተሓሓዝዎ። ክሳብ'ዚ ቀረባ እዋን ስራሕ ዘቋርጹ ድማ ኣብ'ዛ ትካሎም ቀጸሉ።

በረኸት መንግስተኣብ ኣብ ዝሓመመሉ እዋን፡ ክልተ ግዜ ተራኺቦም ነይሮም። ሎሚ ናብ 90 ዓመት ተጸጊዞም ዘለዉ ኣቶ ተኸለ (ኮፒ) ኣብ ቀብሪ በሃር ድምጻዊ በረኸት መንግስተኣብ ወዒሎም። ብዓልቲ ቤቱን ደቁን ንበረኸት፡ “ክብሪ ሂብካኒ እዋን'ሞ ክብሪ ይሃበካ” ይብሉ። ብሕልፊ ድማ ንሚልና በረኸት፡ “ኣዝዩ እየ ዘመስግነካ፡ ተሌፎን ደዊላ “ንሸኻ ኢኻ ነብዩ ክብሪ ሂብካዮ - ክብሪ ይሃብካ’ ብምባል፡ ኣብ ቀብሩ ከም ዝውዕልን ስመይ ኣብ ታሪኽ ህይወቱ ከም ዝጥቀስን ገይራ” ክብሉ ሓለፉ የመስግኑዋ።

ኣቶ ተኸለ፡ ክሳብ'ዚ ቀረባ እዋን ጥዕና ትፈታተኖም፡ ካብ ስራሕ ኣይተፈለዩን። ኣብ'ቲ ዝሓን ብዙሕ ሽልማትን ዝረኸቡሉ ዲዛይንን ምስራሕን ጫማ፡ ኣብ ናይ ውልቆም ከምኡ'ውን ኣብ ብሕታውን መንግስታውን ትካላት ንልዕሊ ፍርቂ ዘመን ሰሪሖም እዮም። ክእሎቶም ናብ ንእሽተይ ወለዶ ከመሓላልፉ ድማ ካብ'ቲ ኩሉ ግዜ ዝምነዩዎ'ዩ። ኣብ'ዚ እዋን ኣቶ ተኸለ ኮፒ፡ ምስ ብዓልቲ ቤቶም፡ ብፍቕሪ ማሚቐም ኣብ ካምፖቦሎ ይነብሩ ኣለዉ።



ካብ ስራሓት ጫማ ኣቶ ተኸለ ኮፒ

# ንቑሕ ደበና

ሄለን መ'ኸታ

## ግዜ ይርከበኩምዶ?

### ግዜ ዝሸየጥ እንተ ዝኸውን ምገዛእናዶ ምሸጥና?

ብዛዕባ ግዜን ምሕደራ ግዜን እልቢ ዘይብሉ ጽሑፍ ተጻሒፉን ምኽሪ ተለጊሱን እዩ። ብናይ ኢድ ወይ መንደቕ ሰዓት ጥራይ ግዜ ንውከስ ዝነበርና፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ኩሉ ተክኖሎጅያዊ መሳርሒታትና (ሞባይል፡ ታብለት፡ ላብቶብን ኮምፕዩተርን፡ ወዘተ) ግዜ ክንውከስ ከም እንኽእል ኴንና ኣለና። እዚ ኩሉ መሳርሒታት ግን ምስ ግዜ ኣየተዓረቐናን። ብኣንጻሩ እኳ ደኣ፡ ዝበዝሐ ሰብ ኣብ ቈጸራ ስለ ዝድንጒ፡ እቲ ኣብ ሰዓቱ ዝመጽእ ሰብ ብቐሊሉ ዝልለ ኮይኑ ኣሎ። መደብና፡ ብሰንኪ ዕዱማት ኣብ ግዜኦም ዘይምርካቦም፡ ካብቲ ዝጀምረሉ ሰዓት ኣቐዲምና፡ ቅድሚ ፍርቂ ሰዓት ወይ ቅድሚኡ፡ ከም ዝጅምር ብምንጋር ንዕድም ኣለና። ዝደንጒየ ሰብ፡ ነቲ ኣብ ግዜኡ ዝተረኽበ ሰብ ይቕሬታ ኣብ ክንዲ ምሕታት፡ ነቲ ዘሎ ኲነታት ክመሳሰል ብዘይ ምኽኣሉ ክወራዘየሉ ይስማዕ ኣሎ። በቲ ካልእ ሸነኽ ከኣ ሰባት 'ሰዓት ምርኣይ' ተወሊፎም፡ ዓሰርተ ግዜ ምባይሎም ኣውጺኦም ግዜ ክርእዩ ንዕዘብ ኣለና። ኣብ 'ሳይኮሎጂ ቱደይ' ዝብል መጽሔት፡ ሓደ እኹል ሰብ ኣብ መዓልቲ ኣስታት 96 ግዜ፡ ማለት ኣብ ነፍሲወከፍ 10 ደቓይቕ፡ ሰዓቱ ከም ዝርኢ ገሊጹ። ብዛዕባ ግዜን ምሕደራኡን ክንዲ'ዚ እናተገደስና፡ ኣብ ምሕደራ ግዜ ንምንታይ ንጽገም ኣለና?

ዘሎና ግዜ ምፍላጥ፡ ግዜና ብግቡእ ከነመሓድር ዝሕግዝ ዋላ ደኣ ይኹን፡ 'ምፍላጥ' ንበይኑ እኹል ኣይኮነን። ንምሕደራ ግዜ መሰረታዊ ዝኾነ ካልእ ረቛሒታት ኣሎ። ሓደ ካብኡ ዘሎና ንጥፈታት እዩ። እቲ ካልኣይን ኣገዳስን ረቛሒ ከኣ ባህርና ወይ ልምድና እዩ። ዕድመ እናወሰኽና ኣብ ዝኸድናሉ ግዜ፡ ኣብ መዓልቲ ዝዕየ ንጥፈት እናወሰኸ እዩ ዝኸይድ። እቲ ዘሎና ግዜ ግን ኣይቅየርን፣ ማለት ኣብ መዓልቲ 24 ሰዓታት ጥራይ እየን ዘሎዋና። እቲ ዝውሰኽ ዕዮ ደኣ



መዓስ እዩ ክዕየ? ብዛዕባ ምሕደራ ግዜ ምዝራብ ማለት፡ ምሕደራ እቲ ኣብ መዓልቲ ዘሎና ብዝሒ ግዜ ዘይኮነ፡ ምሕደራ'ቲ ዘሎና ባህሪ፡ ልምድን ንጥፈታትን ማለት እዩ። ዘሎና ግዜ ብመንጽር ክንዓየ እንደሊ ንጥፈት ዘይመዛዘን እናኾነ ይኸይድ ስለ ዘሎ፡ ገለ ጸሑፋት፡ ሓደ ሰብ ኣብ ሓደ ግዜ ክልተ ወይ ካብ ክልተ ንላዕሊ ንጥፈታት ክዓዩ ይመክር፣ ካልእ ከኣ ዘሎና መደባት ብመንጽር ኣገዳስነትን ህጹጽነትን ክንሰርዕን ቀዳምነታትና ከነነጽርን ይመክር። ብርክት ዝበለ መጽናዕትታት ዓውዲ ስነ ኣእምሮ፡ ሓደ ሰብ ኣብ ሓደ ግዜ፡ ክልተ ወይ ካብ ክልተ ንላዕሊ ስራሕ ክሰርሕ ውጽኢታዊ ዘይምኳኑ የአንፍት፣ ጻዕቂ ስራሕ ምስ ዝፍጠር ግን ቀዳምነትና ክንሰርዕ ኣገዳሲ ምኳኑ ይሰማማዕ። ኣብዚ ግዜ'ዚ፡ ንምሕደራ ግዜ ዝጻባእ ዘሎ ጸገም ናብ ህይወትና ምልስ ኢልና ምስ እንፍትሽ ግን ጻዕቂ ስራሕ ዘይኮነ፡ ናይ ባህሪ፡ ልምድን ኣተሓሳስባን ጸገም ምኳኑ ይበርሃልና።

ሓደ ግዜ ንመጽናዕቲ ዝድልየኒ ሓበሬታ ክውከስ፡ ንሓደ ኣባል ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ሳዋ ደዊለ ንቓለ መሕተት ግዜ እንተ ሃልዩዎ ሓተትኩዎ። ንሱ ከኣ "እወ ይከኣል እዩ፡" ብምባል እወታዊ ግበረ መልሲ ሃበኒ። ደላይት ስለ ዝነበርኩ፡ "ኣነ ኣብ ዝኾነ ሰዓት ይጥመኒ እዩ። ምስ ግዜኻን ስራሕካን ዝጥዕመካ ግዜ መሪጽካ ንገረኒ፡" ብምባል እቲ ዕድል ንእኡ ሃብኩዎ። ንሱ ከኣ ሰዓት ሸዱሽተ ናይ ንግሆ ኦፈሱ ስለ ዝኣቱ ቅድሚ ካልእ ስራሕ ምጅማሩ ክንራኸብ ከም እንኽእል ነገረኒ። ቀው ኢለ ጠሚተዮ፣ እንተኾነ ይቕልድ ኣይነበረን። ናይ ሳዋ ምሕደራ ግዜ ዘኪረ ናይ ልቡ ይዛረብ ከም ዝነበረ ብምስትብሃል፡ ካብ ቈጸራይ ኣቐድም ኣቢለ ተረኺብኩ። ንሱ'ውን ቅድሚ ናይ ቈጸራ ግዜኡ ኣብኡ ተረኺቡ። ሓንቲ ካብቶም ብውጥረት ግዜ ዝሳቐዩ ሰባት'ዩ ዝመስለኒ ነይሩ፣ እንተኾነ፡ ሕጽረት ግዜ ዘይኮነ፡ መዓልተይ ካብ ሰዓት 8:00 ንግሆ ይጅምሮ ስለ ዝነበርኩ'ዩ።

ኣብ መዓልቲ ንዘሎና ግዜ ብግቡእ ክንጥቀመሉ ዘየኽእል ባህሪ፡ ልምድን ኣተሓሳስባን እንተ ሃልዩና፡ እኹል ግዜን ውሑድ ንጥፈትን እናሃለወና ከይተረፈ፡ ብግቡእ ዕዮና ከነሳልጥ ኣይንኽእልን። ሓደ መደብ ከነውጽእ እንከለና፡ ኩሉ ዘሎና ግዜ ብግቡእ ከም እንጥቀመሉ ሓሲብና ኢና መደብ እነውጽእ። እንተኾነ፡ ትህኪት፡ ስራሕ ናይ ምስግጋር ልምዲ፡ ካብ መደብ ወጻኢ ዝመጽእ ስራሕ ምስራሕ፡ ደጋዊ ጽልዋን ረብሻን ክንጽመም ዘይምኽኣል፡ ወዘተ ዝኣመሰለ ሕጽረታት ምስ ዝህሉወና፡ ጽልዋኡ ኣብ ግምት ኣይነእትውን። እዚ ጽልዋታት'ዚ ግን ንውጽኢት መደብና ኣብ ምቕያር ልዑል ተራ ኣሎዎ። ንኣብነት፡ ኣብ ዝኾነ መጽናዕቲ፡ ንውጽኢት መጽናዕቲ ክጸሉ ዝኽእል ረቛሒ ምስ ዝህሉ፡ ኣብ 'ሕጽረት መጽናዕቲ' (limitation) ዝብል ኣርእስቲ ይካተት'ዩ። እዚ ሕጽረት'ዚ፡ ነቲ መጽናዕቲ ብዓብላሊ ሚእታዊት ዝጸልዎ ምስ ዝኸውን፡ እቲ መጽናዕቲ ከም ፍሹል ይውሰድ። መደብና፡ ብመንጽር ዘሎና ግዜ ኣብ ምስራዕ ከኣ ተመሳሳሊ መዐቀኒ ክንጥቀም ንኽእል፣ ኣብ ባህርና ዘሎ ሕጽረታት፡ ናይ መደብና ግዜ ብዓብላሊ ምስ ዝጸሉ፡ መደብና ፍሹል ክኸውን ከም ዝኽእል ክንግምት ኣየጸግምን። እዚ ሕጽረት ክሳዕ ዘይተፈወሰ ከኣ ብዛዕባ ግዜን ምሕደራኡን ዘጽናዕና እንተ ኣጽናዕና ከነመሓድሮ ኣይንኽእልን።

ዝያዳ ካልእ እዋን፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ ሰባት ብዛዕባ ምሕደራ ግዜ ብብዝሒ ክዛረቡ ይርኣዩ ኣለዉ። ሓደ ካብቲ ምኽንያት ከኣ ምሕደራ ግዜ፡ ኣብ ጥዕና ኣእምሮና ኣሉታዊ ሳዕቤን ብብዝሒ የኸትል ስለ ዘሎ እዩ። ግዜ እንተ ስኢንና፡ ግዜ እንተ በዚሑና፡ ዝመደብናዮ ንጥፈት ኣብ ግዜኡ ክንጅምርን ክንፍጽምን ምስ እንጽገም፡ ... ኮታስ ኩሉ ምስ ስምዒትን ምሕደራ ግዜን ዝተሓሓዝ ድኽመታት፡ ብቐዳምነት ንኣእምሮና እዩ ዝጸሉ። ግዜ ምሕላፍ ምስ ዝኣብየና ይስልችወና፣ ግዜ ምስ ዝውሕደና ንውጥር፣ ኣብ ምጽባይ ዝሓልፍ ግዜ ጸቕጢ ኣእምሮን ዓቕሊ ጽበትን የድህበልና፣ ብድሆታትና ምስ ግዜ ምንዋሕ ክንጻወሮ ኣይንኽእልን እሞ ናብ ሕማም ኣእምሮ ከድህበልና ይኽእል። ስለዚ፡ ምሕደራ ግዜ፡ ስራሕና ኣብ ግዜኡ ክፍጸም ስለ ዘሎዎ ጥራይ ዘይኮነ፡ ጥዕና ኣእምሮና ንምሕላው ኢልና'ውን ከነማዕብሎ ንግደድ ኢና። ኣብ ሃገራት ኤስያ፡ መንእሰያት ንዕረፍቲ ዝኸውን ግዜ'ውን ካብ ምስኣን ኣደዳ ስነ ኣእምሮኣዊ ጸገማት ይኾኑ ምህላዎም ኣብ ዝተፈላለየ ማዕከናት ንሰምዕ ኢና። እቶም ብሰንኪ ሕጽረት መረዳእታ ግዜ፡ ግዜና ኣብ ውጽኢታዊ ስራሕ ዘይነሕልፎ ዘለናስ ካብቲ ግዜና እንተ ንሸጦምስ ንኽልተናዶ ኣይመኽሰበን?

### ንምሕደራ ግዜ ብኣሉታ ዝጸሉ ተርእዮታት፥

1. ኣገድሲ ስራሕ ኣብ ምጅማር ምድንጓይ
2. ብመደብ ተሰሪዕካ ክትከይድ ዘይምኽኣል
3. ከይትወድቕ ካብ ምፍራሕ ዝብገስ ስራሕ ናይ ምስግጋር ልምዲ፡
4. ውጽኢቱ ንዘፍርሓና ወይ ዘየተኣማምነና ውሳነታት ምስጋግር
5. ስራሕና ክንፍጽም ክሳዕ ናይ መወዳእታ ሰዓት ምጽባይ
6. ባህ ዘይብለና ስራሕ ኣብ ምጅማር ምጽጋም
7. ቀዳምነታት ንመደብና ዘይምሃብ፡ ካብ መደብ ወጻኢ ዝኾነ ንጥፈታት ምጽማድ
8. ብዙሕ እናሰራሕና፡ ዝበዝሐ ግዜ ግን ዘፍረና ኮይኑ ኣይስምዓናን
9. ኣሉታዊ ጕድኒ ናይ ስራሕና ኣብ ምጽብጻብን ምምራርን ግዜና ምሕላፍ
10. ብውሱን ክፋል ናይ ስራሕና ክንጅምር ወሲንና እንከነስና፡ ኩሉ ግዜ ግን ኣይተግብሮን
11. ንንውሕ ዝበለ ግዜ ኣብ ውሱን ንጥፈት ብኣድህቦ ተጸሚድና ክንሰርሕ ዘይምኽኣል
12. ኣብ ሓጺሪ ግዜ ክዛዘም ዘሎዎ ስራሕ የጨንቐና
13. ብብቕዓት ክንሰርሖ ዘይንኽእል ስራሕ ምድንጓይ ወይ ምስግጋር
14. ኣብ ጽቡቕ ኲነተ ኣእምሮ ምስ እንህሉ ጥራይ ክንሰርሕ ምድላይ
15. ደጋዊ መተባብዒ ከይተረፈ ስራሕና ኣብ ግዜኡ ክንጅምር ኣይተባብዓናን።

## ሓሙሽተ ደቓይቕ

"ሓሙሽተ ደቓይቕ ጥራይ ተጸበየኒ፡" ዝበለካ ሰብ፡ ክንድኣ ጥራይ ድዩ ዝድንጒ? "ሓጻር እያ፣ ሓሙሽተ ደቓይቕ ጥራይ፡" ክብሉ'ውን ንሰምዕ ኢና። ሓሙሽተ ደቓይቕ ሓጻር ድያ? ብዛዕባ ግዜ ክንሓስብን ክንዛረብን እንከለና፡ ንመግለጺናን መረዳእታናን ዝጸልዉ ህሞት ኣለዉ። ውጽኢት ብሃንቀውታ ንዘጽበ፡ ኣብ ቃንዛ ንዘሎ፡ ኣብ ፍርሒ ወይ ካልእ ወጣሪ ስምዒት ንዘርከበ፡ ወዘተ ሓሙሽተ ደቓይቕ ሓጺር ኣይኮነትን። ምስ እንፈትዎ ወይ እነፍቅሮ ሰብ ግን ሓሙሽተ ሰዓት ሓሙሽተ ደቓይቕ ኮይኑ ክስምዓና ይኽእል። 'ጽባሕ' ርሑቕ ዘላ መሲሉና ክሳዕ ደቂስናን ተንሲእናን እንዓልባ ከይተዳለና ንጸንሕ። ነዚ ዝተረድኡ ይመስሉ ለባማት፡ 'መዓልትን ከልብን ከይጸዋዕካዮም ይመጽኡ፡' ዝብሉ። ግዜ ኣድማሳዊ መዕቀኒ ዘሎዎ ቀዋሚ ነገር እዩ። ነዚ ብሓደ ኣገባብን መልክዕን ዝብጽሓና ነገር፡ ንምንታይ ንገለና ይነውሓና ንገለ ከኣ ይሓጽረና። ኣብ ገለ እዋን ቀልጢፉ ዝዕዘር ኮይኑ ይስምዓና፡ ኣብ ገለ ግዜ ከኣ ከም ድቃ ክሰቲ ዝወዓለ ኣድጊ ተረይዑ ምኻድ ዝኣብየና? እዚ ክስተት፡ ኣብ ዝተፈላለየ ኲነታት ብዝፍጠር ስምዒት፡ ትጽቢትን ባይሎጅያዊ ረምታን ሓንጎልና ተጸልዩ ካብ ዝህቦ ናይ ግዜ ትርጓመ ዝብገስ እዩ። ሰባት፡ ግዜ ብመንጽር ዘሎ ወይ ዝተኸስተ ኲነታት ይምጠጥ ወይ ይሕንበብ ዘሎ ኮይኑ ይስመዮም። ኣብ ዝምስጠና ንጥፈት ምስ እንወሓጥ ከየተፈለጠና ግዜ ይኸይድ። ኣብ እንጸልኦ ኲነታት ምስ እንህሉ ከኣ ግዜ ምሕላፍ ይኣብየና።

ግዜ፡ ንቑልዓን ዓብን ሓደ ስምዒት ኣይኮነን ዝፈጥረሎም። ቈልዓ ንኣከባቢኡ ሓድሽ ስለዝኾነ፡ ኣእምሮኡ ገና ኣብ ምዕባይን ሓበሬታ ኣብ ምእካብን ተጸሚዱ ስለ ዝርከብ፡ ነዊሕ ግዜ ዘሕለፈ ኮይኑ እዩ ዝስምዖ። ንዓቢ ሰብ ግን ግዜ ሓጺር ኮይኑ ይስምዖ። ደረጃ ምዕባለ ሓንጎልና፡ ስምዒት፡ ተመኩሮን ኣብ ስራሕ ምጽማድን ኣብ ግዜ ዘሎና ስምዒት ክጸሉ ይኽእል እዩ። ወጥሪ፡ ጸቕጢ፡ ፍርሒ፡ ምስልካይ፡ ጽልኣት፡ ወዘተ ዝኣምሰሉ ኣሉታዊ ተመኩሮ ከነሕልፍ ዝድርኽ ስምዒታት፡ ነቲ ብተመሳሳሊ መቓን ዝኸይድ ግዜ ክንጻወሮ ከም ዘይንኽእል ክገብር ይኽእል። በዚ ምኽንያት ከኣ ንሓኪም እንጽበዮ ደቓይቕ ክንዲ ሰዓታት ኮይኑ ዝስምዕናን እነማርርን። ሓድሽን ብርቅን ነገር'ውን ግዜ ከይተረዳኣና ከም ዝሓልፍ ይገብር እዩ። ሓንጎልና ነቲ ቅድሚኡ ርእዩዎ ዘይፈልጥ ተመኩሮ፡ ብደቂቕ ከድህብ ግዜ ስለ ዝወስድ፡ ከይተረድኣና ብዙሕ ግዜ ከነሕልፍ ንርኢ።

# ስፖርት

ሊድያ በረኸት

## ማድሪድ፡ ንኣሌክሳንደር-ኣርኖልድ ሓዳስ ክለብ ከናዲ ትሕብሮ

ኣሌክሳንደር-ኣርኖልድ ካብ ሊቨርፑል ድሕሪ ምግዓዙ ኣብ ርያል ማድሪድ ሽሙ ክዕቢ ዝዐበየ ሕልሚ፡ ናብ ሕልሚ ቀትሪ ተቐይሩ - ብርያል ማድሪድ ሓዱሽ ክለብ ክናዲ ብምሕባሩ።

እዚ እንግሊዛዊ ተጻዋታይ ኣብ 2025 ኣብ ኣንፊልድ ዝዐበየ ውዕል ድሕሪ ምፍራሱ፡ ናብ ስጳኛ ብምምራሑ፡ ኣብ ሜዳ ሳንትያጎ በርናበ ኩነታት ከም ዝሓሰቦ ኣይተኻእሉን።

ኣርኖልድ ዝሓለፈ ክረምቲ ብናጻ ምርኻብ ናብ ማድሪድ ድሕሪ ምግዓዙ፡ ኣብ ዋንጫ ዓለም ክለባት ክስተፍ ዕድል ከፊታትሉ እዩ። ይኹን እምበር ትሕቲ ትጸቢት እምንቶ ማድሪድ ብቐዓት ናይዚ ተጻዋታይ ክቐህም ተረኺቡ።

እዚ ወዲ 27 ዓመት ተኸላኻሊ፡ ኣብ ሊቨርፑል ጸቡቕ ምንቅስቓስ የርኢ ምንባሩ ይፍለጥ።



ርያል ማድሪ ድማ ነዚ ክእሉቶ ዚ ክትጥቀመሉ እዩ ነይሩ ሓሳቡ።

ነገራት ከም ዝተሓሰቦ ኣይሰለጡ። ማሰልጣኒ ንኣሌክሳንደር-ኣርኖልድ ኣይሓገዞ። ኣብዚ ዓመተ-ጸወታ ምስ ርያል 11 ጸወታታት ጥራይ ክጻወት ከሎ፡ እታ ዝዩሓረት 3 ታሕሳስ ተጻዊቱዋ።

ብማሰረት ጸብጻባት፡ ኩነታት ማድሪድ "ኣብ ደረጃ ምውዳቕ በጺሑ'ሎ"፡ ግዝያዊ ኣሰልጣኒ ማድሪድ ኣልቫሮ ኣርበሎኣ ንኣሌክሳንደር-ኣርኖልድ ኣካል ዝቐጽሉ መደባት ናይታ ክለብ ከምዝይሰኻ ሓቢርዎ'ሎ።

ኣሌክሳንደር-ኣርኖልድ ናይ ምክልኻል ብቕዓቱ ምድኻሙ ክቃላዕ ከሎ፡ ኣብ ናይ ምጥቃዕን ምፍሻኽን ብቕዓቱ እውን ከምቲ ትጽቢት ዝግበረሉ ዘይምዕሩይ ኮይኑ ከምዝቐረበ ይንገረሉ። ኣሰልጠንቲ በርናበ ብወገኖም፡ እዚ ተጻዋታይ፡ ኣብ ጎድኑ ወዲ ዓዱን ናይ ቀረባ ዓርኩን ጁድ ቢሊንግሃም ወላኺ እንተዝሃለዉ፡ ምልክእ ብምልእ ኣይተኸቡ ምሳታ ክለብ ከምዝይሰጠመ ይወቕስዎ።

## ተጻዋታይ ቶተንሃም በርግቫል ንሰለስተ ወርሒ ካብ ጸወታ ክእለ'ዩ

ቶተንሃም፡ ተጻዋታይ ሉካስ በርግቫል፡ ብዘጋጠሞ ናይ ዓንኬር ዓንካሪት ማህረምቲ ንሰለስተ ኣዋርሕ ካብ ጸወታ ከም ዝእለ ሓቢሩ።

እዚ ሽወደናዊ ተጻዋታይ፡ ሰሉስ ምሸት ኣብ ቫምፕዮንስ ሊግ ክለቡ ኣብ ልዕሊ ቦሩስያ ዶርትሞንድ 2ብ0 ኣብ ዝተዓወተትሉ ግጥም እዩ እዚ ሓደጋ ኺፍዎ። ኣብ ካልኣይ እብረ ጸወታ ድማ ክቕየር ተገዲዱ።

እዚ ወዲ 19 ዓመት፡ ናይ መውዳእታ ናይ ሕክምና መርመራ ዝጸበየሉ ዘሎ ኮይኑ፡ ብኸሪት ናይዚ ተጻዋታይ፡ ንኣሰልጣኒ ቶማስ



ፍራንክ ዓቢ ፀገውት ክኸና ተኸእሎ'ሎ።

ንበርግቫል ዝኸፍአ ኢጋጣሚ ምኳኑ ይንገር።

በርግቫል ኣብ ወርሒ ለካቲት 2024 ናብ ቶተንሃም ዝተጸንበረ ኮይኑ፡ ኣብ 26 ግጥማት ድማ ተሳቲፉ።

እዚ ደንማርካዊ ተደጋጋሚ ማህረምቲ እኳ እንተኣጋጠሞ፡ ካብ ጸወታ ንዝዩምርሓቕ ክቃለስ ጸኒሑ'ዩ። ብዘውሳኺ ጀምስ ማዲሰኑ ርድሪጎ ቤንታንኩር፡ መሓመድ ኩዱሱ ደጃን ኩሉሰቭስኪን ቤን ዳቪስን ንዊሕ እዋን ካብ ጸወታ ወጻኢ ኮይኖም ኣለዉ።

ሪቻርሊሰን ድሕሪ ሽዱሽተ ሰሙን ካብ ማህረምቲ እግሪ ክምለስ ከሎ፡ ፓልሂንሃ እውን ካብ ጸወታ ወጻኢ ኮይኑ ይርከብ።

ቶተንሃም ኣብ ትሕቲ ዓለሚ ፍራንክ ኣብ ቀዳማይ እብረ ናይዚ ዓመተ-ጸወታ ብትሑት ብቕዓት፡ ኣብ ሰሌዳ ፕሪመር ሊግ መበል 14 ተርታ ተሰሪዓ ትርከብ።

## ሊቨርፑል ብኣታዊታታ ብሓፈሻ ሓሙሽተ፡ ካብ ፕሪመር ሊግ ድማ ቀዳመይቲ ኮይና'ላ

ሊቨርፑል ንመጀመርታ ግዜ ካብ ክለባት ኤውሮጳ ኣብ ሓምሻይ ደረጃ ክትስራዕ ከላ፡ ካብ ፕሪመር ሊግ ድማ ቀዳመይቲ ከምዝኾነት ፋይናንሳዊ ትካል ዴሎይት ሓቢሩ።

እዛ ክለብ ዝሓለፈ ዓመት ጸዋእ ፕሪመር ሊግ ከተልዕል ከላ፡ 836 ሚልዮን ኤሮ (702 ሚልዮን ፓውንድ) ኣታዊ ብምርካብ ካብ ዝኾኑ እንግሊዛዊት ክለብ ጸብለል ኢላ።

ብኻልእ ወገን ማንቸስተር ዩናይትድ ናብ ዝተሓተ ደረጃ እተት ወዲቓ ትርከብ።

ቦንጻሩ ንክለባት ኤውሮጳ ዓብሊላ ትርከብ ርያል ማድሪድ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ቫምፕዮንስ ሊግን ላሊጋን'ኳ 'ተዘይተዓወተት፡ ክልቲኤን ክለባት ማንቸስተር ካብ ዝርከብ ወረደን ብምህላወን ዳግማይ ብ1.2 ቢልዮን ኤሮ (1.01 ቢልዮን ፓውንድ) ንቀዳማይ ደረጃ ትብሕተ።

ብዚ ማሰረት ሽዱሽተ ክለባት ፕሪመር ሊግ ኣብ ብሉጻት 10 ክለባት፡ 15 ድማ ኣብ ብሉጻት 30 ክለባት ተረቒሐን እኳ'ተሃለዋ፡ ንመጀመርታ ግዜ ግን ኣብ ሳልሰዎት ኣርባዕተ ዝለዓለ ኣታዊ ዘለወን ክለባት፡ ፕሪመር ሊግ ኣይተጠቕሰትን።

ባርሰሎና ዝሓለፈ ዓመት ብምሕዳስ ካብ ስታድዮም ኖ ካምፕ ርሒቓ ትጻወት እኳ እንተነበረት፡ 975 ሚልዮን ኤሮ (819 ሚልዮን ፓውንድ) ድሕሪ ምእካቡ ድሕሪ 2019-20 ንፈለማ እዋን ናብ ቀዳሞት ሰለስተ ተመሊሳ ኣብ ካልኣይቲ ደረጃ ትርከብ።

ባየር ሙኒክ ብ861 ሚልዮን ዩሮ (723 ሚልዮን ፓውንድ) ኣብ ሳልሳይ ደረጃ ክትስራዕ ከላ፡ ተዓዋቲት ቫምፕዮንስ ሊግ



ፓሪስ ሴንት ጀርመን ድማ ብ837 ሚልዮን ዩሮ (703 ሚልዮን ፓውንድ) ኣብ ራብዓይ ደረጃ ክትስራዕ ትሰረዕ።

ማንቸስተር ሲቲ ድሕሪ ሸሞንተ ዓመታት ንፈለማ እዋን ዋንጫ ክትዓትር ብዘይምኽኣላ፡ 829 ሚልዮን ዩሮ (697 ሚልዮን ፓውንድ) ኣታዊ ብምርካብ ካብ ካልኣይ ደረጃ ናብ ሻድሻይ ደረጃ ወሪዳ።

ካልኦት ኣብ ቅድሚት 10 ዝርከባ ክለባት ፕሪመር ሊግ ድማ፡ ኣርሰናል (822 ሚልዮን ኤሮ፡ 690 ሚልዮን ፓውንድ) ኣብ ሻብዓይ ደረጃ፡ ቶተንሃም (673 ሚልዮን ዩሮ፡ 565 ሚልዮን ፓውንድ) ኣብ ታሽዓይ ደረጃ፡ ቸልሲ ድማ ኣብ መበል 10ይ ደረጃ ብ584 ሚልዮን ኤሮ (491 ሚልዮን ፓውንድ) እየን።

ኣስቶን ቪላ (450 ሚልዮን ዩሮ፡ 378 ሚልዮን ፓውንድ) መበል 14፡ ኒውካስል ዩናይትድ (400 ሚልዮን ዩሮ፡ 335 ሚልዮን ፓውንድ) መበል 17፡ ዌስትሃም ዩናይትድ (276 ሚልዮን ዩሮ፡ 232 ሚልዮን ፓውንድ) መበል 20 ደረጃ ሒዘን ኣለዋ።

ብራይተን፡ ኤቨርተን፡ ክሪስታል ፓላስ፡ ቦርንማውዝ፡ ዎልቭስን ብሬንትፎርድን ንኣሰሮት 30 ደረጃታት ኣጠቓሊለን ኣለዋ።

ብሓፈሻ ኣታዊ ናይተን ብሉጻት 20 ክለባት ብ11% ብምውሳኽ፡ ብድምር 12.4 ቢልዮን ዩሮ በጺሑ'ሎ።

<u>ዘርእማርያም ከሰተ</u>

## ሳላሕ ሓድሽ ታሪኽ ኣጽሒፉ




ኣብ ዝሓለፈ ሰንበት ዝተዛዘመ ዋንጫ ኣፍሪቃ 2025፡ መሓመድ ሳላሕ፡ ሓድሽ ታሪኽ ኣጽሒፉ። እቲ ንገስ ግብጺ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ኮኾብ፡ ኣብ ልዕሊ ኣይቮሪኮስት ብዘመዝገቦ ሸቶ ተሓጊዙ እዩ ኣብ ታሪኽ ዋንጫ ኣፍሪቃ ን11 ዝተፈላለያ ሃገራት ሸቶ ዘመዝገበን ቀዳማይ ተጻዋታይ ክኸውን በቒዑ ኣሎ። እዚ ድማ ኣቲ ናይ ሎሚ ዓመት ዋንጫ ኣፍሪቃ ፍሉይ ትርጉም ሂብዎ።

ኣቐዲሞም ሳሙኤል ኤቶ (ካሜሩን)፡ ዲደየር ድሮግባ (ኣይቮሪ ኮስት) ከምኡ'ውን ኣንድሬ ኣየው (ጋና) ነዚ ክብረ ወሰን እዚ፡ ንዝተፈላለያ 10 ሃገራት ሸቶ ብምምዝጋብ ሐዚሞ ጸኒሖም። ናይ ሳላሕ ፍሉይ ዝገብሮ፡ ኣብ ኩለን ዝተሳተፈለን ሓሙሽተ ውድድራት ዋንጫ ኣፍሪቃ (2017፡2019፡ 2021፡ 2023፡ 2025) ብዘይ ምቁራጽ ሸቶታት ምምዝጋቡ እዩ።

ስታትስቲክስ ሳላሕ ኣብዚ ጥራይ ዝተሓጽረ ኣይኮነን። ንሱ ንሃገራዊት ጋንታኡ ግብጺ 65 ሸቶታት ብምምዝጋብን 35 ቀረብ ሸቶታት ብምሃብን፡ ኣብ ኣህጉራዊ ጸወታታት ድምር ኣብ 100 ሸቶታት (ኣብ ምምዝጋብን ቀረብን) ዝተዋስአ ቀዳማይ ኣፍሪቃዊ ተጻዋታይ ኮይኑ ኣሎ። ነዚ ፍሉይ ክብረ ወሰን እዚ ንምብጻሕ ዝወሰደሉ 111 ጸወታታት ጥራይ ክኸውን ከሎ፡ እዚ ድማ ካብቶም ናይ ዓለምና ከዋኽብቲ ተጻወትቲ ሊዮኔል መሲን ክሪስቲያኖ ሮናልዶን ብውሑድ ጸወታታት ነዚ ኣሃዝ እዚ ክበጽሖ ክኢሉ ኣሎ።

መሓመድ ሳላሕ ኣብዚ ሕጂ እዋን ኒቲ ብ68 ሸቶታት ናይ ኩሉ ግዜ ዝለዓለ ኣመዝጋቢ ኮይኑ ዝቐጽል ዘሎ ወዲ ሃገሩ ሆሳም ሓሰን ንምምዕራይ 3 ሸቶታት ጥራይ እዩ ዘድልዮ። እዚ ኣብ ጋንታኡ ሊቨርፑልን ሃገሩ ግብጽን ልዑል ኣበርክቶ ዘለዎ ብሉጽ ተጻዋታይ እዩ።

ሳላሕ፡ ብዘለዎ ተራ ንኣፍሪቃውያን ብፍላይ ከኣ ንግብጻውያን ደርኺት ኮይኑ ይቕጽል ኣሎ።

ግብጺ ኣብ ታሪኽ ዋንጫ ኣፍሪቃ ሸውዓተ ግዜ ብምዕታር ኣብ ቅድሚት ትሰራዕ። መሓመድ ሳላሕ ግን ነዚ ዋንጫ ኣፍሪቃ ክዕውት ኣይከኣለን። ግብጺ ኣብዚ ናይ 2025 ራብዓይ ደረጃ ሒዛ ምዝዛማ ይፍለጥ።

ብዘካዚ ሳላሕ፡ ኣብ 2017 ከምኡ'ውን 2021 ኣብ ዋንጫ ኣፍሪቃ ኣብ ፍጻመ በጺሑ ተሳዒሩ እዩ።

## ሸቶ ከየመዝገበ ምስ ጋንታኡ ዓሰርተ ዋናጩ ዝተቛደሰ ተጻዋታይ ትፈልጥዎ'ዶ፧




ኣብ ስፖርት ብፍላይ ኣብ ኩዕሶ እግሪ፡ ሸቶታት ምቑጻርን ዋንጫታት ምልዓልን ኩሉ ግዜ ማዕረ ማዕረ ኣይከዱን እዮም። ነዚ ዘረጋግጽ ድማ፡ ኣብ መንጎ ክልተ እንግሊዛውያን ተጻዋትቲ - ጆ ጎመዝን ሃሪ ኬይንን ዘሎ ፍልልይ ክነርኢ ኢና።

ተኸላኻላይ ሊቨርፑል ጆ ጎመዝ፡ ክሳብ ሎሚ ዕለት ምስ ጋንታ ሊቨርፑል ኮነ ንሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ኣብ ዝወከለ ዝተፈላለዩ ውድድር፡ ዛጊት ሓንቲ ሸቶ እኳ ኣየመዝገበን ዘሎ። ይኹን እምበር፡ ዛጊት ዓሰርተ ዓብይቲ ዋንጫታት ክዓትር ክኢሉ እዩ። ገለ ካብኡ ምስ ሊቨርፑል ብምኳኑ ቫምፕዮንስ ሊግ፡ ክልተ ግዜ ፕሪመር ሊግ፡ ከምኡ'ውን ዋንጫ ክለባት ዓለም ይርከብዎም። ጎመዝ ኣብ ማእከል ምክልኻል እኳ ዝሰለፍ እንተኾነ፡ ኣብ ዝተሰለፈሎም ልዕሊ 200 ግጥማት ግና፡ ሓንቲ ሸቶ ዘይምምዝጋቡ እዩ ዘገርም። ዕድል ገይሩ ግና፡ ምስ ሓንቲ ካብ ብሉጻት ክለባት ዓለም ዝኾነት ሊቨርፑል ብምህላው፡ ተቓዳሲ 10 ዋናጩ ክኸውን ክኢሉ እዩ። ኣብ ማእከል ምክልኻል ዘለዎ ተራ ግና ቀጻሊ ኣይኮነን።

ብመንጽሩ ሓደ ካብ ዝበለጹ ኣጥቃዕቲ ዓለም ዝኾነ ሃሪ ኬይን፡ ምስ ናይ ቅድም ጋንታኡ ቶተንሃም ዝኾነ ዋንጫ ወሲዱ ኣይፈልጥን። ናብታ ንሳልሳይ ዓመቱ ዝሰለፈላ ዘሎ ጀርመናዊት ክለብ ባየር ሙኒክ ምስ ሰገረ ግና፡ ክልተ ዋናጩ ኣልዒሉ ኣሎ። ሓላፊ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ዝኾነ ኬይን፡ ዛጊት ኣብ ኩሉ ውድድር ልዕሊ 460 ሸቶታት ብምቑጻር፡ ኣብ ታሪኽ ኩዕሶ እግሪ ካብቶም ተጠቀስቲ ኣጥቃዕቲ ክኸውን ክኢሉ ኣሎ። ኾ'ውን ሸቶ የመዝግብ ብምህላው፡ ኣብ ዝቕጽል ዓመታት 500 ክበጽሕ ይግመት። ብመዳይ ዋንጫ እንተርኢና ግና፡ እታ ዝጸውተላ ዝበረ ክለብ ቶተንሃም ዋንጫ ኣብ ምዕዋት ንፍዕቲ ብዘይምንባራ፡ ኣገዳሲ ተሃሲዩ እዩ። ምስ ባየር ሙኒክ ካብ ዝጸንበር ንደሓር ግና፡ ቡንደስሊጋ ጀርመንን ሱፐር ካፕን ብምዕታር ፍሉይ ታሪኽ ከመዝግብ ጀሚሩ ኣሎ። እዚ ፍጻመ እዚ፡ ስፖርት ብውልቃዊ ሸቶታት ጥራይ ዘይኮነ፡ ብናይ ጋንታ ሓባራዊ ዓወት ከም ዝምዘን ዘርኢ ህያው ኣብነት እዩ።

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ኣመሪካ፡ ንግሪንላንድ ዝምልከት እማመ ብሄቶ ከም ዝቐረበላ ተሓቢሩ

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ምስ ዋና ጸሓፊ ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ) ማርክ ሩተ ድሕሪ ዝተኻየደ ርክብ፡ ንወተሃደራዊ ህላወኻት ሃገሩ ኣብ ደሴት ግሪንላንድ ዘውሕስ ብኔቶ ዝተደገፈ እማመ ኣብ ምድይይጥ ከም ዘሎ ኣፍሊጡ።

ፕረዚደንት ትራምፕ፡ እቲ ተግባራዊ ንኽኸውን ካብ ዴንማርክ ፍቓድ ዘድልዮ እማመ፡ ንወተሃደራዊ ጽላት መላእ እቲ ኪዳን ኣርባሒ ከም ዝኾነ ሓቢሩ።

ንሱ ምስ ዋና ጸሓፊ ሩተ ድሕሪ ዘካየዶ ዝርርብ፡ ኣብ ልዕሊ ንግዳዊ ፍርያት እተን ንደሴት ግሪንላንድ ናይ ምውናን ወጥኑ ተቓውሞ ዘስምዓ ዘለዋ ሃገራት ኤውሮጳ ወሲንዎ ዝጸንሐ ናይ 10 ሚእታዊት ቀረጽ ከም ዘቋረጾ ገሊጹ ኣሎ።

እቲ ብዋና ጸሓፊ ሩተ ዝቐረበ ሓዲሽ እማመ፡ ኣቲ ብ1951 ኣመሪካ ኣብ ሰሜናዊ ምዕራብ ግሪንላንድ ወተሃደራዊ መዓስከር ክትድኩን ዘፍቅድ ክልተኣዊ ስምምዕ ብዝለዎ ክቕጽል ዘኽእል እዩ።

እቲ ቀሪቡ ዘሎ እማመ ተግባራዊ ምስ ዝኸውን፡ ቤት ጽሕፈት ምክልኻል ኣመሪካ (ፔንታጎን) ኣብታ ደሴት ተወሳኺ መሳለጥያታት ንኽሰርሕ ዕድል ዝፈጥር ኮይኑ፡ ኩባንያታት ኣመሪካ ድማ ፍቓድ ከይደለያ ንብርቂ ማዕድናት እታ ደሴት ክጥቀማሉ ከም ዝኽእላ እዩ ዝሕብር ዘሎ።



## ትራምፕ፡ ኣህጉራዊ ግጭት ኣብ ምፍታሕ ዝነጥፍ “ኮሚተ ሰላም” ኣበጊሱ

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ኣህጉራዊ ግጭት ኣብ ምፍታሕ ከም ዝጥፍ ዝገለጾ “ኮሚተ ሰላም” ዝተባህለ ኣካል ብወግዒ ከም ዘበገሰ ኣፍሊጡ።

ኣብቲ ኮሚተ ቀዋሚ ኣባልነት ንምርካብ ዝደልያ ሃገራት፡ 1 ቢልዮን ዶላር ክኸፍላ ከም ዘለወን እዩ ትራምፕ ዝገለጸ።

መጠነ ዕላማ እቲ ኮሚቴ፡ ዳግመ ህንጻት ወሽመጥ ጋዛ ንምክትታል እኳ እንተ ነበረ፡ ኣብዚ እዋንዚ ተዘርጊሑ ዘሎ ቻርተር ናይቲ ኮሚተ ግን ዝሰፍሐ ዕማም ከም ዝህልዎ ዘጽር ምኳኑ ምስቲ ዛዕባ ቅርበት ዘለዎም ወገናት ዝሕብሩ።





ሓደ ላዕለዋይ በዓል ስልጣን ዋይት ሃውስ፡ ክሳብ ሕጂ ኣስታት 35 መራሕቲ ሃገራት ናብቲ ኮሚተ ሰላም ክጽንበሩ ተሰማሚዖም ከም ዘለዉ ሓቢሩ።

ብመሰረት እቲ ሓበሬታ፡ ኣብቲ “ቦርድ ሰላም” ዝተሰየመ ኣካል ኣትየን ዘለዋ ሃገራት እስራኤል፡ ስዑዲ ዓረብ፡ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ፡ ባሕሬን፡ ዮርዳኖስ፡ ቀጠር፡ ግብጺ፡ ቱርኪ፡ ሃንጋሪ፡ ሞሮኮ፡ ፓኪስታን፡ ኢንዶነዥያ፡ ኮሶቮ፡ ኡዝበኪስታን፡ ካዛኪስታን፡ ፓራጓይን ቬትናምን እየን።

## ኢንዶነዥያ - ዝጠንተወ ቅብኣ በዓቲ ተረኺቡ

ተመራመርቲ ስነ-ጥንቲ፡ ኣብ ደሴት ሙና - ኢንዶነዥያ፡ ክሳብ 67,800 ዕድመ ከም ዘቑጸረ ዝገለጽዎ ዝጠንተወ ምስሊ ኣሰር ኣእዳው ኣብ በዓቲ ከም ዝረኸቡ ሓቢሮም።



እቲ ብኢንዶነዥያውያንን ኣውስትራልያውያንን ተመራመርቲ ስነ-ጥንቲ መጽናዕቲ ዝተኻየደሉ ዘሎ ቅብኣ፡ ጥንታውያን ሰባት ኣብ መናድቕ ናይቲ በዓቲ ዘንበሩዎ ምስልታት ኣእዳው ምኳኑ ኣረዲኦም።

ኣብቲ መጽናዕቲ ዝሳተፍ ዘሎ ተመራማሪ ስነ-ጥንቲ ኣዳም ብሩም፡ ንትርጉም እቶም ዝረኸብዎም ምስልታት ኣሰር ኣእዳው ብንጹር ክሰልይዎም እኳ እንተዘይከኣሉ፡ ዓሚቕ ባህላዊ ትርጉም ከም ዘለዎም ኣረዲኡ።

ንኣውስትራልያን ኢንዶነዥያን ኣብ ዘጠቓልል ዞባ ብርክት ዝበሉ ጥንታዊ ቅብኣታት ከም ዝተዳህሰሱ እዮም ምንጭታት ዝሕብሩ።

ኣብ ሰሜናዊ ምዕራብ ኣውስትራልያ ኣብ ዝርከብ ከባቢ፡ ኣብዚ ቀረባ እዋን ኣብ ዝርዝር ጥንታውያን ቅርስታት ዓለም ዩኔስኮ ዝሰፈሩ፡ ክሳብ 50 ሽሕ ዓመታት ከም ዘቑጸሩ ዝተገልጹ ብጠቕላላ 1 ሚልዮን ዝግመቱ ናይ በዓቲ ምስልታትን ናይ ኣኻውሕ ቅርጺታትን ከም ዝተረኽቡ ይንገር።

## እስራኤል፡ ኣብ ምዕራባዊ ገማግም ዝሰፈሩ ዜጋታታ ብረት ክውንኑ ኣፍቒዳ

ሚኒስተር ሃገራዊ ድሕነት እስራኤል ኢታማር ቤን-ግቪር፡ ኣብ 18 ዘይሕጋዊ ሰፈራታት ምዕራባዊ ገማግም ዝነብሩ እስራኤላውያን፡ ውልቃዊ ብረት ክውንኑ ዘፍቅድ ሕጊ ከም ዘጽደቐ ተሓቢሩ።

እቲ ሚኒስተር ወሲኹ፡ እቲ ውሳኔ ኑብሰ ምክልኻል ንምሕያልን ውልቃዊ ድሕነት ንምዕባይን ዝዓለመ ምኳኑ ኣረዲኡ።



ኣብቲ ዝተኻበጠ ምዕራባዊ ገማግም ዘለዉ እስራኤላውያን ካብ ውልቃዊ ብረት ክሳብ ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ዝዓጠቑ ምኻኖም እዮም ምንጭታት'ቲ ከባቢ ዝገልጹ።

ሰብ ስልጣን እስራኤል፡ ውልቃዊ ኣጽዋር ንድሕነት'ቶም ሰፋሮ ኣድላዪ ምኻኑ እኳ ዝገልጹ እንተኾኑ፡ ኣህጉራውን ትካላት ግን እቶም ሰፋሮ ንኹብሰ ምክልኻል ዘይኮነስ ኑፆም ንፍልስጤማውያን ካብቲ ከባቢ ንምልቃቕ ይጥቀምሉ ምህላዎም እዮም ዘወቐሱ።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ ካብ 2022 ንደሓር ብእስራኤል ኣብ ዝተኻበጠ ምዕራባዊ ገማግም ምብራቓዊ ኢየሩሳሌምን ዝተደኰኑ ጠቕላላ ቁጽሪ ዘይሕጋውያን ሰፈራታት ደፋዓትን ካብ 141 ናብ 210 ክብ ኢሉም ደርኒቡ።

ቤን-ግቪር ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ እቲ ፍቓድ ወግዓዊ ካብ ዝኸውን ንደሓር፡ ልዕሊ 240 ሽሕ እስራኤላውያን ውልቃዊ ብረት ክውንኑ ፍቓድ ከም ዝተዋህቦም ኣፍሊጡ ኣሎ።

ቤት ጽሕፈት ምውህሃድ ሰብኣዊ ጉዳያት ሕቡራት ሃገራት ብወጎኑ ኣብ ዘውጽኦ ሓበሬታ፡ ኣብ 2025፡ ኣብ ምዕራባዊ ገማግም 55 ህጻናት ዝርከብዎም 240 ፍልስጤማውያን ብወተሃደራትን ኣብቲ ከባቢ ብዝነብሩ በርጌስ እስራኤላውያንን ከም ዝተቐትሉ ኣፍሊጡ።

## ሶርያ፡ ሰፊሕ ክፋል መሬታ ዳግማይ ከም እተቘጻጸረቶ ሓቢራ



መንግስቲ ሶርያ፡ እቲ ብኩርዳውያን ዝምራሕ ‘ዲሞክራስያዊ ሓይልታት ሶርያ’ ተቘጻጺሩዎ ዝጸንሐ ሰፊሕ ክፋል ሰሜናውን ምብራቓውን ሶርያ፡ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩ ከም ዘእተዎ ሓቢሩ።

ኣብ ዝሓለፈ ሒደት መዓልታት ሰራዊት ሶርያ ኣንጻር'ቶም ዕጡቓት ብዘኻፈቶ መጥቃዕቲ፡ኣብዚ ሕጂ እዋን መብዝሕትኡ ክፋል ሶርያ፡ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ናይቲ ኣብ ደማስቆ ዝመደበሩ ማእከላይ መንግስቲ ኣትዩ ከም ዝርከብ እዩ ዝግለጽ ዘሎ።

ሰራዊት መንግስቲ ሶርያ፡ እቲ ኣብታ ሃገር ዝዓበየ ዕደና ኑዳ፡ ዒቢ ናይ ሃይደሮ ኤሌክትሪክ ዲጋ፡ ናይ ሕርሻ መሬት፡ ኣባላት ዳዒሽ ቀይዱ ዝርከብ ኣብያተ ማእሰርትን ምስቲ ጉጅለ ርክብ ከም ዘለዎም ዝተገልጹ ሲቪላውያን ሰባት ዝሓዘ መዓስከርን ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩ ኣእትዩ ከም ዝርከብ ከኣ ተሓጺሩ ኣሎ።

ኑፆም ዝተጠቕሱ ቦታታት ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ኣእትዩዎም ዝጸንሐ ዲሞክራስያዊ ሓይልታት ሶርያ ከኣ፡ ናብቲ ኩርዳውያን ብብዝሒ ዝነብሩሉ ከባቢታት ንድሕሪት ተመሊሶ ከም ዘሎ፡ ምስቲ ዛዕባ ቅርበት ዘለዎም ወገናት ሓቢሮም።


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኣድራሻ | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ሰናይ | 23/1/26 | ጎደና ዓዲ ኣቤይቶ ቁ.89፡ትሕቲ ቤ/ት ማርቲ ንሉተር ነበር (ዓዲሰጉል) | 08202877 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services